# ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ

MBY Printing Press

# ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ

# ቤተክርስቲያን ኤርትራ

ተኣሪሙ ዝወጸ ካልኣይ ሕታም
1995 ዓ.ም.ግ.
2002 ዓ.ም.ፈ.

# ሓባሪ


| ተ.ቁ | ክፍሊ | ምዕራፍ | ኣንቀጽ | ገጽ | መግለጺ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | መቅድም | - | - | 1-2 | |
| 2 | መግለጺ | - | - | 3-5 | |
| 3 | ትርገም | - | - | 6-7 | |
| 4 | | 1 | 1-7 | 8-12 | መሰረተ ሕግን እምነትን |
| 5 | | 2 | 8-15 | 12-15 | ኣፈጻጽማ ምስጢረ ቤተክርስቲያን |
| 6 | | 3 | 16-20 | 15-16 | መንፈሳዊ ስነ-ምግባር |
| 7 | | 4 | 21-22 | 17-19 | ኣጽዋማትን በዓላትን |
| 8 | | 5 | 23-26 | 19-21 | ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን |
| 9 | 1 | 6 | 27-36 | 21-26 | ኣዕማድ ምምሕዳር ቤተክርስቲያን |
| 10 | 2 | 6 | 37-54 | 26-34 | ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ |
| 11 | 3 | 6 | 55-58 | 34-41 | ሃገረ ስብከት |
| 12 | 4 | 6 | 59-61 | 41-45 | ንኡስ ሃገረ ስብከት |
| 13 | 5 | 6 | 62-73 | 46-55 | ክፍሊ ሰበካ ቤተክርስቲያን |
| 14 | | 7 | 74-96 | 55-64 | መንፈሳዊ መዓርጋት |
| 15 | | 8 | 97-101 | 65-66 | ማእከልነት |
| 16 | | 9 | 102-106 | 67-71 | ኣመሓደርትን ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያንን |
| 17 | | 10 | 107-113 | 71-76 | ሕጊ መቕጻዕቲ |
| 18 | | 11 | 114-126 | 76-79 | ዝተፈላለየ ኣርእስቲ |


ናይዚ ሕጊ እዚ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ብሓጺሩ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ዝብል ስያሜ ተዋሂብዎ ኣሎ። እዚ ከኣ 11 ምዕራፍ፣ 126 ኣንቀጽ፣ 79 ገጽ ዝሓዘ እዩ።

# መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሥርዓትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ

## መቕድም

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

1. ሃገርና ናጽነታ ምስ ተረጋገጸ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን እውን ባዕላ ንባዕላ ክትመሓደር ዕድል ስለ ዝረኸበት 21 መስከረም 1984 ዓ.ም.ግ. ናይ ግዜያዊ መንግሥቲ ኤርትራ ዋና ጸሓፊ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቅ ኣብ ዝተረኸቡሉ ዓቢይ ጉባኤ ተገይሩ ካብ ገዳማትን ሊቃውንትን ካህናትን ከምኡውን ካብ ምእመናንን ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበትን 13 ኣባላት ዘለውዎ ጊዜያዊ ሲኖዶስ ከም ዚምረጹ ተገብረ።

2. እቲ ዝተመርጸ ጊዜያዊ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ መምርሒ መሰረት ካብ ናይ ገዳማት ኣበምኔታት ንመዓርግ ኤጲስቆጶስነት 15 ሕፁያት ኣቕሪቡ 5 ኤጲስቆጶሳት ኣምረጸ። እቶም ዝተመርጹ ድማ ናብ ግብጺ ከይዶም ብብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ ናይ ግብጺ ፓትርያርክ 12 ሰነ 1986 ዓ.ም.ግ. ኣብ መዓልቲ በዓለ ጰራቅሊጦስ ተሸሙ።

3. ጊዜያዊ ሲኖዶስ 13 ኣባላት ዘለውዎ ኣርቃቒ ሕጊ ኮሚቴ ብዝመዘዞ መሠረት እቲ ኣርቃቒ ሕጊ ኮሚቴ ዘቕረቦ ረቂቕ ሕጊ ብሲኖዶስ ምስ ተራእየ ከካብ ሃገረ ስብከቱ 15 ኣባላት ተወከልቲ ከምዝመጹ ስለ ዝተገብረ ካብ 18 ነሓሰ 1987 ዓ.ም.ግ. ክሳብ 20 ነሓሰ 1987 ዓ.ም.ግ ኣብ ርእስ ኣድባራት ቅድስት ማርያም ኣደራሽ ፍኖተ ብርሃን እቲ ዝቐረበ ረቂቕ ሕጊ ቤተክርስቲያን ናብ ሰፊሕ ሕዝበ ክርስቲያን ማለት ናብ

ጉባኤ ገዳማትን ሊቃውንትን ካህናትን ምእመናንን ቀሪቡ ሰፊሕ ሕቶን መልስን ርእይቶን ተገብረሉ።

4. ሎሚ ምስ ናጽነት ሃገረ ኤርትራ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያንውን ካብ ሥርዓት ምምሕዳር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኢትዮጵያ ናጻን ሓራን ኮይና ኣብ ኩልና ምእመናን ኮይኑ ንቤተክርስቲያን ዚመርሕ ናይ ገዛእ ርእሳ ፓትርያርክ ንምምራጽ በቕዐት።

5. መሠረታዊ ሕጊ ቤተክርስቲያን መጽሓፍ ቅዱስ እኳ እንተኾነ መሠረቱ ከይለቐቐ ማእከልነት ዚጥምትን ምስ ዘመናዊ ዓለም ዜሳንን ሕጊ ቤተክርስቲያን ምሕንጻጽ ድማ ኣገዳሲ ኮይኑ ተረኺበ። እዚ ከኣ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ብመንፈሳዊ መሪሕነት ፍልጠትን ዕብየትን ረኺቦም ንሓዋርያዊ ተልእኮ ብቕዓት ኪህልዎምን ምእመናን ብእምነቶም ጸኒዖም ኪነብሩን ኪስስኑን ንምግባር። ሓድነት ሃገር ጸኒዑ ሰላም ሰፊኑ ኪነብር ቤተክርስቲያንና ብጸሎትን ትምህርቲ ወንጌል ብምሃብን ግቡእ ምእንቲ ከተበርክት፣ ጥሜት ዓጸባ፤ ሕማም፤ ድንቊርና ወዘተ... ንምጥፋእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ብምስታፍ ኣብ ዳግመ ሕንጸት ሃገር እጃማ ከተወፊ፤ ሕውነት ማዕርነት፤ ፍትሒ ኣብ ሃገርና ኪነግሡ ሓዋርያዊ ተልእኮኣ ኪትፍጽም፤ ኣብ ዓለምና ጽልእን ምትህልላኽን ተሪፉ ብፍቕርን ምትሕግጋዝን ኽትካእ ንምግባር ኣብ ዚግበር ዓለምለኻዊ ጻዕሪ ዚግባእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምእንቲ ከተበርክት ነዚ መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሥርዓትን ክትሕግግ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ እዩ።



## መግለጺ

ቅድሚ ዓለም ዝነበረን ዘሎን ዝነብርን ሓቀኛ ሕያው ኣምላኽ ወዲ ሰብ ብእምነት ኽኒነብር ብሕገ ልቦናን ብሥነ ፍጥረትን ምሂሩ ነበረ። ወዲ ሰብ ግን ብሕገ ልቦናን ብሥነ ፍጥረትን ተመሪሑ ንእግዚኣብሔር ኪግዛእ ስለ ዘይከኣለ እግዚኣብሔር ብኢድ ሙሴ ሕጊ ጽሑፍ ሃበ። (ዘፀ.18፥19-27,20፥1-24)። እዚ ሕግ'ዚ ከኣ ንሰብን ንእግዚኣብሔርን ዜራኽብ ናይ ቃል ኪዳን ምልክት ደም መሥዋዕቲ እንስሳ ነበሮ። (ዘፀ.24፥5-8)። ከምኡውን ሰብን እግዚኣብሔርን ዚራኽብሉ ጸሎትን መሥዋዕትን ዜዕርጉሉ ናይ ሰማያዊ መቕደስ ምሳሌ ዝኾነ ድንኳን ምርኻብ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ንሙሴ ተዋሂብዎ ነበረ (ዘፀ.25፥8,33፥7)። እዛ ድንኳን እዚኣ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ብዘመነ ሰሎሞን ቤት መቕደስ ኮይና ተሓንጸት፡፡ እግዚኣብሔር ድማ ነዛ ቦታ እዚኣ ቤት መሥዋዕቲ ኽትከውን ሓርየያ ኣሎኹ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ንዚጽለ ጸሎት ኣዕይንተይ ኪኸፈታ እእዛነይውን ጽን ኪብላ እየን ስመይ ድማ ንዘለዓለም ኣብኣ ኪኸውን ኣዕይንተይን ልበይን ከኣ ኹሉ ጊዜ ኣብኣ ኪኾና ሓርየያን ቀዲሰያን ኣሎኹ ስለ።" (1ይዜና.7፥11-16)።

እዚ ከኣ ብምምጻእ ክርስቶስ ሕዝብን ኣሕዛብን ሓደ ዚኾኑላ ናይ ቤተክርስቲያን ምሳሌ ኮይኑ የገልግል ነበረ እምበር (ሮሜ.9፥24-27)። በዚ መሥዋዕቲ እዝን በዚ መቕደስ እዝን ፍጹም ኀድገት ሓጢኣትን ድኅነትን ኪርከብ ኣይተኻእለን። (ዕብ.8.8,10፥1-5)።

ስለዚ እዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ፍጹም ድኅነት ዚህብ ክርስቶስ ኪመጽእ ከም ዘለዎ እዚ ዚስዕብ ትንቢት ተነግረ።

ሀ. ከማኻ ዝበለ ነቢይ ካብ ማእከል ኣኀዋቶም ከተንሥኣሎም እየ። ንእኡ ስምዕዎ። (ዘዳ.18፥15-19፣ ዮሓ.5፥46)

ለ. ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ እቲ ግዝኣቱ ኸኣ ኣብ መንከቡ እዩ ስሙውን ግሩም መካር ብርቱዕ ኣምላኽ፤ ኣብ

ዘለዓለም፤ መስፍን ሰላም፤ ኪስመ እዩ (ኢሳ.9፡6)።

ሐ. ግናኸ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤተልሔም ኤፍራታ፤ እቲ ምውፃኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለዓለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኪወፀለይ እዩ (ሚክ.5፡2, ማቴ፡2፡1)። በዚ ዝተነግረ ትንቢታት ምልኣተ ዘመን ምስ ኣኸለ መድኃን ዓለም ክርስቶስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ (ገላ.4፡4,ሉቃ፡2፡4-15)።

መ. ከም ኣተዓባብያ ደቂ ሰብ ዓበየ (ሉቃ.2፡52)፣ ኣብ ሠላሳ ዓመቱ ተጠምቀ (ሉቃ.3፡23)፣ ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ጾመ (ማቴ.4፡1)፣ ዓሠርተው ክልተ ሐዋርያት ሓረየ (ማቴ.10፡1-5)፣ ኣብ ምድሪ እስራኤል ወንጌል መሃረ (ማቴ.4፡23)፣ ሥርዓተ ቊርባን ሠርዐ (ማቴ.26፡26)፣ ኣብ ቀራንዮ ተሰቕለ፤ (ዮሓ.19፡17, 15፡37-44) ሞተ፤ ተቐብረ፣ ኣብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ (1ቆሮ.15፡3-4)፣ ኣብ መበል ኣርብዓ መዓልቲ ናብ ሰማይ ዓረገ (ሉቃ.24፡50-53,ግብ.ሓዋ.1፡2-8)፣ ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ጽርሓ ጽዮን መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ሰደደሎም (ግብ.2፡1-5)፡፡ ክርስቶስ በዚ ኣገባብ እዚ ክርስትና መሥረተ።

ሠ. "ናብ ኵሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ወንጌል ስበኹሉ (ማር.16፡15) ስለዚ ኪዱ ንኵሎም ኣሕዛብ ብስም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ክሕልውኺኣ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ ሳዕ ምሳኻትኩም እየ" (ማቴ.28፡19-20) ኢሉ ብዝኣዘዞም መሠረት ድማ ሓዋርያት ናብ ስብከተ ወንጌል ተዋፈሩ። ክርስትና ከኣ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርግሐ።

ሃገርና ቕድሚ እምነተ ክርስቶስ ምቕባላ ብሕገ ኦሪት ትምራሕ፤ ብኣምልኮተ እግዚኣብሔር ትኣምን ነበረት። (ዘዳ.16፡16, ግብ.ሓዋ.8፡26-28) ከምኡውን ኣብ (ዘኊል.35፡6) ከም ዝተገልጸ ከቢድ ገበን ዝፈጸመ ሰብ ዚዕቆበለን ኣህጉረ



ምስካይ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንኣብነት ከኣ ደብረሲና ደቀምሓረ ደምበዛን፣ ጸሓፍ ላም፣ ድባርዋ፣ ቤተንጉሥ ዳምባምጭ፤ ዝርቤን፤ ሃርፈጉሮቶ፤ መጠራ፤ ቆሓይቶ ዚበሃላ ነበራኣ። ብዘመነ ሓዲስ ድማ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብቲ ቀዳማይ ሚእቲ ዓመት እቲ ኣብ (ግብ.8፡26) ተገሊጹ ዘሎ ስሉብ ብሰሜናዊ ጫፍ ኣቢሉ ናብ ሃገርና እምነተ ክርስትና ሒዙ ኣተወ። ብ328ዓ.ም. ድማ ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ብወደብና ማርሳ ተኽላይ ናብ ሃገርና ኣትዮም ኣብ ደብረሲና እምነት ክርስትና ትምህርተ ወንጌል ዘርግሑ። ኣብኡውን ንነገስታት ኣኽሱም ኣብርሃን ኣጽብሃን ከም ዘጥመቕዎም ታሪኽ ኣብርሃ ወኣጽብሃ ይገልጽ።

በዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ሃገርና ቤተክርስቲያን ተመሥረተት። እንተኾነ ቤተክርስቲያንና ኣብዚ ሓዋርያዊ ጉዕዞኣ ብዙኃት ባዕዳዊ ጐንጽታት ኣጓኒፎምዋ ነበሩ። ነቶም ዘጓነፍዋ ተረርትን ገዘፍትን ባዕዳዊ ጐንጽታት ተፃዊራን ተጻሚማን ግና ብኃይሊ እግዚኣብሔር ኣብዚ ዘላቶ መድረኽ በጺሓ ኣላ።

ረ. ኣበርክቶ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ቋንቋ ግዕዝ ወሃብቲ ድምፂ ኖኀያት ስለ ዘይነበሮ ማለት ካብ ካዕብ ክሳብ ሳብዕ ተናበብቲ ፊደላት ኪህልውዎ ገበረት። ከምኡውን ቀመራዊ ኣኃዛትን ባሕረ ሓሳብን ዘበርከተትን ካብቲ ዘመን እቲ ጀሚራ ትግርኛ እግሪ ክሳብ ዝተክል ሥርዓተ ስነ ጽሑፍን ትምህርትን ሃገራዊ ባህልን ቅርሲ ሃገርን ዓቒባ ዝጸንሐትን ዘውሓዘትን ቤተክርስቲያና ምዃና በብኣውራጃኡ ኣብ ብራና ተጻሒፎም ዘለዉ መጻሕፍትን ሕጊ እንዳባን ምስክር እዮም።

ኣብ ርእሲ እዚ ኣብ ገዳማትን ዓበይቲ ኣብያተ ክርስቲያንን ዘለዉ ቅርስታት ቤተክርስቲያን ዘፍረየቶም ክብሪ ሃገር እዮም። ከምኡውን ኣብዚ ብጥንታውነት ዚልለ ህላዌ ቤተክርስቲያንና በዚ ዝሓለፈ እዋን ትግልገለሉ ዝነበረት ሕግን ሥርዓትን ነይርዋ እዩ።

## ትርጉሙ

1. ቤተክርስቲያን ማለት ኣቅሌስያ ካብ ዝብል ግሪኻዊ ቃል ዝተወርሰ ኪኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ ማኅበር ወይ ጉባኤ ሕዝበ ክርስቲያን ማለት እዩ። ቤተክርስቲያን ማለት ማኅበረ ምእመናናን ምኗኑ ኬረድኡና ዚኽእሉ ጥቕስታት

   ሀ. "ጴጥሮስ ንስኻ ከውሒ ኢኻ ንቤተክርስቲያነይ ከኣ ኣብዛ ከውሒ እዚኣ ክሓንፃ እየ" (ማቴ.16፥18-19)።

   ለ. ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ናይ ጐይታ ቤተክርስቲያንን ክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኾሉ መጓሰ ሓልዉ" (ግብ.20፥2። 1ቆሮ.16፥19-20)።

ስለዚ ቤተክርስቲያን ማለት ጉባኤ ምእመናን ደኣምበር እቲ ሕንፃ በይኑ ከምዘይኮነ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ቃላት ክንርዳእ ንኽእል። ቤተክርስቲያን ማሕበረ ምእመናን ዝተባህለሉ ምኽንያት ከኣ ብሓደ ጐይታን ብሓንቲ እምነትን ብሓንቲ ጥምቀትን እተኣምን (ኤፌ.4፥5) ሓዋርያዊት ኣጽናፋዊት ቅድስት ስለ ዝኾነት እያ።

ሀ. "ኣሓቲ" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ኣብ ዓለምና ብክርስቶስ እተኣምን ሓንቲ ቤተክርስቲያን ጥራይ ብምኳና፧

ለ. "ሓዋርያዊት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ድማ ሓዋርያት ኣብ ዓለም ከም እቶዝርጋሕን ጸኒዓ ከም እትነብርን ስለ ዝገበሩ፤

ሐ. "ኣጽናፋዊት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ከኣ ኣብ ኣርባዕቲኡ ማእዝነ ዓለም ተዘርጊሓ ስለ እትርከብ፤

መ. "ቅድስት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ከኣ ክርስቶስ ብደሙ ስለ ዝቐደሳን ጉባኤ ቍስጥንጥንያ ድማ ብሓንቲ ቅድስት ቤተክርስቲያን ንኣምን ኢሉ ስለ ዝሰመያን እያ። ንሕና ኤርትራውያን ኣመንቲ ክርስትና ኦርቶዶክስ



ተዋህዶ ቤተክርስቲያንውን በታ ሓንቲ ቅድስት ሓዋርያዊት ኣጽናፋዊት ዚብል ቅጽል እትፍለጥ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን።

## 2. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን

ሀ. "ኤርትራዊት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ኣብ ሃገረ ኤርትራ እትርከብ ብምኳና።

ለ. "ኦርቶዶክስ" ዝተባህለትሉ ድማ ቅኑዕ እምነት ዝሓዘት ስለ ዝኾነት፡፡

ሐ. "ተዋሕዶ" ዝተባህለትሉ ኸኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካልን ሓደ ባህርይን ማለት ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ከም ዝኾነ ስለ እትኣምንን ከምኡ ኢላ ድማ ስለ እትምህርን እተእምንን እዩ። ቤተክርስቲያንና እቲ ጥንታዊ እምነታ ሓልያ ብመሠረት እቲ ተጐናጺፋቶ ዘላ ሓርነት ምስተን ንኣኣ ዚመስላ ምብራቓውያን ኦርቶዶክሳውያን ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን ተባሂለን ዚፍለጣ ተመዓራርያን ከቢራን ኣላ።

ቤተክርስቲያንና ክርስትና ኣብ ሃገርና ኤርትራ ካብ ዝተመሥረተሉ ጊዜ ጀሚራ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብሉያትን ሓዲሳትን ከምኡውን ካልኦት ናይ ቤተክርስቲያን ቅዱሳት መጻሕፍትን ካብ እብራይስጥን፤ ጽርእን፤ ዓረብን፤ ሱርስትን፤ ናብ ግዕዝ እናተርጐመትን ወንጌል እናመሃረትን ገዳማት ከም ዚምሥረቱ ኣብያተ ክርስቲያን ከም ዚሕነፁ ዝገበረት እያ። ነዚ ጉዕዞ ሕይወት ክርስትና ዓንዲ ሕቆ ኮይናን ኪዕቅባኦን ኬማዕብላኦን ዝጸንሓ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከም ዚመኃላለፍ ዝገበራን ድማ ናይ ኤርትራ ገዳማት እየን።

# ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን መሠረት ሕግን እምነትን

## ምዕራፍ ሓደ

## ኣንቀጽ 1 መሠረተ ሕግን እምነትን፤

መሠረት ሕግን እምነትን ትምህርትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን 81 መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

## ኣንቀጽ 2 ብሕገ ልቦና

ኣብ መቅድም ከም ዝተገልጸ ቤተክርስቲያንና ቅድሚ እምነተ ክርስትና ብሕገ ልቦናን ብሕገ ኦሪትን ትኣምን ነበረት። ኣብ መጀመርታ ዝተፈጥሩ ኣበው ናይ እግዚኣብሔር ከሀሊነቱን ፈጣሪነቱን ኣምላክነቱ፡ ኣሚኖም ብሕገ ልቦና ጸኒዖም ትእዛዛቱ፡ ሓልዮም ብምግባረ ሠናይ ዝተመስገኑሉ ታሪኾም ታሪኽና እምነቶም እምነትና ኢላ ትኣምንን ተእምንን (ዘፍ.12፥1-8,ያዕ.2፥21-24, ዕብ.11፥3)

## ኣንቀጽ 3 ብሕገ ኦሪት

ካብ ሙሴ ጀሚሩ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፉ ዓሠርተ ትእዛዛተ ኦሪት “ኢታምልክ ባዕደ ኣምላከ ዘእንበሌየ” ኣፍቅር ቢጸከ ከመ ነፍስከ ካብ ዚብል ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ተቐቢላ ሓቀኛ መምርሒ ምዃኖም ንኻልኣት ትምህርን ተእምንን (ዘጸ.20፥3-17,ሌዋ.19፥18,ሉቃ.16፥17)።



## ኣንቀጽ 4 ብሕገ ሐዲስ

ቃለ እግዚኣብሔር ወልድ ማለት መለኮታዊ ኣካል ደቂ ሰብ ንምድኃን ካብ ሰማየ ሰማያት ወረደ። ብናይ መንፈስ ቅዱስ ምሥጢር ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ፤ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ ሕገ ወንጌል መሃረ ምእንቲ ኃጢኣት ደቂ ሰብ ኣብ መስቀል ተሰቕለ ሞተ ተቐብረ ኣብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ፤ ንሰማያት ዓረገ ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ንኻልኣይ ጊዜ ኪመጽእ እዩ ኢላ ትኣምንን ተእምንን።

## ኣንቀጽ 5 ኣዕማደ ምሥጢር

ሀ. ኃሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር
ለ. ሾብዓተ ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን እዮም።

## ኣንቀጽ 6 ኃሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር

### 1. ምሥጢረ ሥላሴ፤

ቅድስት ቤተክርስቲያንና ብናይ እግዚኣብሔር ሓድነትን ሠለስትነትን ትኣምን። ማለት እግዚኣብሔር ብስም ብግብሪ ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ብፍቓድ ብህልውና ሓደ እዩ ኢላ ትኣምን (ዘዳ.6፥4)። ስም ሠለስትነቱ ከኣ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ይበሃል። (ማቴ.28፥19-20)

### 2. ምሥጢረ ሥጋዌ

ካብቶም ሠለስተ ኣካላት እቲ ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ወልድ ንኣና ንደቂ ሰብ ካብ መርገምን ፍዳን ሓራ ከውፅኣና ኢሉ ብዳሕረዋይ ዘመን ፍጹም ሰብ ፍጹም ኣምላኽ ኮነ ኢላ ትኣምን።

## 3. ምሥጢረ ጥምቀት

ጥምቀት ማለት ከምቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኪዱ እሞ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኹሉ ኪሕልዉ ከኣ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም (ማቴ.28፥19-20)። ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ ናብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ኪኣቱ ኣይክእልን እዩ። (ዮሓ.3፥5-8)። ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ ኢሉ ዝመሃሮ፤ (ማር.16፥16)፡፡ ከምኡውን ቅዱስ ጴጥሮስ " ነፍስ ወከፍኩም ንስሓ እተዉ ካብኻትኩም ነፍስ ወከፍ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ይጠመቕ። ምስትሥራይ ኃጢኣትን ናይ መንፈስ ጸጋን ክትቕበሉ ኢኹም፤ (ግብ.ሓዋ.2፥38)ብዚብል ትኣምን።

## 4. ምሥጢረ ቍርባን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በታ ዝተታሕዘላ ምሸት ለይቲ ካብቲ ንድራር ዘምጽኡሉ እንጌራ/ኅብስት/ ኣልዓለ ባሪኹ ቆሪሱ ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም። "እዚ ሥጋይ እዩ፥ እንኩ ብልዑ፥ በሎም ጽዋዕ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ" እዚ ምእንቲ ብዙኃት ንኅድገት ኃጢኣት ዚፈስስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ ካብዚ ኵልኹም ስተዩ እናበለ ሃቦም" (ማቴ.26፥26፤ ሉቃ.22፥14-22)። ከምኡውን ስጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፡፡ እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይ ዚሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነውን ኣብኡ (ዮሓ.6፥54-57)። ብዝበሎ መሠረት ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔር ሕይወተ ስጋን ሕይወተ ነፍስን ዚህብ ካብ ኃጢኣት ዘንጽሕ ምዃኑ ትኣምን (1ዮሓ.1፥7-9፤ 1ቆሮ.11፥23-29)።



## 5. ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን

ኣብ መወዳእታ ዘመን ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብኽብርን ምስጋናን ተመሊሱ ኪመጽእ እዩ፡፡ በቲ እዋን እቲ ኵሎም ዝሞቱ ሰባት ኪትንሥኡ እዮም፡፡ ጽቡእ ዝገበሩ ኣብ መንግስተ ሰማያት ክፉእ ዝገበሩ ከኣ ናብ ናይ ዘለዓለም ኩነኔ/ ገሃነመ እሳት/ ኪኸዱ እዮም፡፡ (ማቴ 24፤ 24-33፥ ማቴ.25፤ 46)፡፡

## ኣንቀጽ 7 ሸብዓተ ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ንምእመናን መንፈሳዊ ጸጋ ዜውህብ ኣገልግሎት እትህበሉ ሸብዓተ ምሥጢራት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

1. ብጥምቀት፤ ውሉድ ኣምላኽ ምዃንን ኣብ ሓድሽ ሕይወት ምንባርን ትህብ፡፡ (ዮሓ. 3፥3-8)፡፡
2. ብሜሮን፥ ብሜሮን መንፈሳዊ ዕቤትን ጽንዓትን ተኅድር፡፡ (ሉቃ.1፥80)
3. ብቍርባን፥ ኅድገት ኃጢኣትን ናይ ዘለዓለም ሕይወትን ተውህብ፡፡ (ዮሓ.6፥52-58)።
4. ብክህነት፥ ናይ ምምሃርን፤ ምጥማቕን፤ ምቕዳስን ኃጢኣት ምስትስራይን መንፈሳዊ ሥልጣንን ትህብ፡፡ (ዮሓ.20፥23)።
5. ብንስሓ፥ ኅድገት ኃጢኣትን ምሕዳስ ሕይወትን ትህብ፡፡ (ግብ.ሓዋ 3፥ 19-21)፡፡
6. ብተክሊል፥ ጽንዓት ቃል ኪዳንን፤ ናብራ ቅድስናን ተኅድር፡፡ (ሚልክያስ.2፥14-16፥ኤፌ.5፥21-33, ማቴ.19፥1-9)።

7. **ብቐንዴል፣** ኃይሊ መንፈሳውን ጥዕናን ትህብ፡፡ (ያዕ.5፥14-17,ማር.6፥13)፡፡ ምሥጢር ዚብሃል ብዓይኒ ዘይርአ፣ ብእምነት ዚትሓዝ ረቒቕ ነገር እዩ። እዞም ሾብዓተ ምሥጢራት ቤተክርስቲያን ድማ ብዚርአ ምልክት ዘይርአ ጸጋ ዚህቡ፤ ኣብ ቤተክርስቲያን ይኹን ሕሙማት ኣብ ዚርከቡሉ ቦታ ዚፍጸሙ እዮም።

# ምዕራፍ ክልተ
# ኣፈጻጽማ ምሥጢረ ቤተክርስቲያን
## ኣንቀጽ 8 ሥርዓተ ጥምቀት፣

1. ኣፈጻጽማ ሥርዓተ ጥምቀት፣ መዓርገ ክህነት ዝለበሰ ካህን ብማይን ብጸሎትን (ዮሓ.3፥1-16) ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላክ ኢሉ ምስ ኣጥመቐ ሜሮን ብምቕባእ ይፍጸም።

2. ሥነ-ሥርዓት ጥምቀት ዚፍጸመሉ ወዲ ኣብ ኣርብዓ /40/ ጓል ኣብ ሰማንያ /80/ መዓልቲ ይኸውን፡፡ (ዘሌ.12፥1-5,ኩፋ.4፥8-13)። ሓሚሙ (ሓሚማ) ንሞት ዘስግእ ሕፃን እንተ ተረኽበ ግና ቅድሚ እቲ ውሱን መዓልቲ ብሞግዚት ኣብ ቤተክርስቲያን ቀሪቡ ኪጥመቕ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ ወድን ጓልን ማንታ እንተ ተወልዱ እቲ ወዲ ኣብ መዓልቱ ይጥመቕ ናይ ጥምቀት ክርስትና መዝገብ ስም ውሉድን ወለድን ኣቦሓጉን ሒዙ ይምዝገብ። ወለዲ ንውሉድ ካልእ መጸውዒ ስም እንተ ሃብዎ ቦታ ተዳልይሉ ኣብ መዝገብ ይሰፍር።

3. ጥምቀት ዚፍጸም ኣብ ቤተክርስቲያን ሥርዓተ ቍርባን ኣብ ዚፍጸመሉ ዕለት ይኸውን፡፡

4. ሕፃን ዘይኮነ ሰብ ኪጥመቕ ኣብ ዜድለየሉ ጊዜ ብንኡስ ኣንቀጽ 1ን 3ን መሠረት ይፍጸም።

5. ቤተክርስቲያን ኣብ ዘይብሉ ቦታ ግን ቅዱስ ቍርባን



ኪሥራዕ ስለ ዘይከኣል፣ እቶም ዘድልዩ ንዋየ ቅዱሳት ማለት ማይ ሜሮን፤ ቅብዓ ቅዱስ፤ ወንጌል፤ መስቀል፤ መጽሓፈ ጥምቀት ዝሓዘ ካህን ጥራይ ከጠምቕ ይኽእል፡፡

## ኣንቀጽ 9 ኣቀባብኣ ሜሮን

ሀ. ብዘመነ ሓዋርያት ሓድሽ ኣማንን ሕፃንን ኪጥመቁ ከለው ብኣንብሮ እድ መንፈስ ቅዱስ ይሓድሮም ነበረ፣ ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ግና ብውሳኔ ቤተክርስቲያን ኣብ ክንዲ ኣንብሮ-እድ ጥራይ ሜሮንውን መንፈስ ቅዱስ ከም ዚሓድሮም ስለ ዝተኣመነ፣ ምስ ተጠምቁ ሜሮን ከም ዚቕብኡ ተገብረ፡፡ 1ዮሓ.2፥20፥2ቆሮ.1፥21-22።ግብ.ሓዋ.2፥38። 8፥16-17።19፥56፡፡

ለ. ሓድሽ ጽላት፣ ሓድሽ ቤተክርስቲያን ሓደስቲ ንዋየ ቅዱሳትን ሥዕልን ምእንቲ ኪቕደሱ ሜሮን ይቕብኡ፡፡ (ዘፀ.30፥26-29)።

## ኣንቀጽ 10 ሥርዓተ ቍርባን

ሀ. ቍርባን ብንጹሕ ኅብስቲ ስርናይን ወይንን ብጸሎት ቅዳሴን ይፍጸም፡፡ (ዘፍ 14፥8,ዕብ9፥1-4)።
ለ. ብዘይካ ኣብ በዓለ ጥምቀትን ሕዝቢ ተኣኪቡ ንምህልላ ኣብ ዚፍጸም ጸሎት ቅዳሴን እንተ ዘይኮይኑ ካብ ቤተክርስቲያን ወፃኢ መሥዋዕተ ቍርባን ኪሥራዕ ክልኩል እዩ።
ሐ. ናብ ቤተክርስቲያን መጺኡ ኪቀርብ ዘይክእል እንተ ድኣ ኮይኑ ግና ቀዳስያን ናብ ዘለዎ ቦታ ከይዶም የቍርብዎ።

## ኣንቀጽ 11 ኣወሃህባ ንስሓ

ናይ ኃጢኣት ንስሓ ኣብ ክልተ ይኽፈል፡፡ ንሱ ከኣ ጌጋን በደልን እዩ፡፡

ሀ. ጌጋ፡- ከይፈለጥካ ዚፍጸም ኩሉ ብጸሎተ ንሥሓ ሥርየት ይፍጸም፡፡ ጸሎተ ሥርየት ዝብሃል ከኣ፥

1. ነኣኩቶ ለገባሬ ሠናያት
2. ጸሎተ ሃይማኖት
3. ኣመክንዩ ዘሓዋርያት
4. ጸሎተ ንስሓ
5. ፍትሓት ዘወልድ
6. መዝሙረ ዳዊት 51/50/ ተሣሃለነ መዝሙር (24/25፥ሉቃ15፥17-18)።

ለ. ከቢድ በደል፡- ከቢድ በደል (ኃጢኣት) ዚብሃል ድማ ኮነ ኢልካ ብድፍረት ዚፍጸም ኩሉ እዩ። ነዚ ዝፈጸመ ምእመን ዚኽእሎ ቀኖና በቲ ናዛዚ ካህኑ ኣብ ቤተክርስቲያን ወይ ድማ ንኽልቲኣም ኣብ ዚጥዕም ቦታ ንስሓ ይወሃብ።

## ኣንቀጽ 12 ክህነት

ካህን ኣብ ቤተክርስቲያንን ኣብ ዘድሊ ቦታን እናኸደ ይምህር፤ የጥምቕ፤ የጸናንዕን ሥርየት ይህብን።

## ኣንቀጽ 13 ተክሊል ቃል ኪዳን

ዚመራዓዓው ወድን ጓልን ተላልዮምን ተኣማሚኖምን ይመረዓዓው። ኣብ ጊዜ መርዓ ጓል ኮነ ወዲ ካብ 18 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ኪኾኑ ኣለዎም።

1. ቃል ኪዳን ዚፍጽሙ ተመራዓውቲ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ኣለዎም።
2. መውስቦ ንምፍጸም ናይ ክልተ ተዋሰብቲ ዝምድና ካብ 5ይ ወለዶ ንላዕሊ ጀሚሩ ኪኸውን ይከኣል።
3. ቃል ኪዳን ብዚምልከት ክርክር እንተ ተላዕለ ዳንነቱ ብቤተክርስቲያን ይርአ።



## ኣንቀጽ 14 ኣፈጻጽማ ቀንዲል

ቀንዲል ካህን ኣብ ልዕሊ ዘይቲ ጸልዩ ንሕሙም ይቐብኣሉ (ያዕ.5፥14)።

## ኣንቀጽ 15 (ዘይድገሙ ምሥጢራት ቤተክርስቲያን)

ሀ. ጥምቀት
ለ. ሜሮን
ሐ. ክህነት
መ. ተክሊል እዮም።

# ምዕራፍ 3
# መንፈሳዊ ሥነ-ምግባር
## ኣንቀጽ 16 (ጸሎት) ጸሎት ኣብ ሠለስተ ይኽፈል

1. ውልቃዊ
2. ናይ ስድራ ቤት
3. ማኅበራዊ ተባሂሉ ይፍለጥ

ጸሎት ኣብ መዓልቲ 7 ጊዜ ይካየድ። ንሱ ኸኣ ንግሆ(ነግህ)፥ ረፍዲ(ሠለስቱ)፤ ፍርቂ መዓልቲ(ስድስቱ)፥ ኣጋ ግዜ (ተስዓቱ)፤ ምሸት (ሠርክ)፤ ግዜ ድቃስ (ንዋም)፥ ፍርቂ ለይቲ (መንፈቀ ሌሊት) እዩ፡፡ (መዝ 119፥164)።

## ኣንቀጽ 17 ምጽዋት

ምጽዋት ክልተ ዓይነት ኮይኑ
1.ሕቡእ/ስውር/
2.ግሉጽ ተባሂሉ ይፍለጥ።

## ኣንቀጽ 18፡- ጾም

ጾም ክልተ ዓይነት ኮይኑ

1. ብትእዛዝ ቤተክርስቲያን ዝጽወም
2. ብገዛእ ርእሰኻ ብንስሓ ወይ ብብሕቲ ዝጽወም እዩ።

## ኣንቀጽ 19 ስግደት

ስግደት ሠለስተ ዓይነት እዩ ንሱ ኸኣ

1. ናይ ኣምልኮ (ማቴ.4፥9-10፤ ፊሊ.2፥11)።
2. ናይ ጸጋ (ራዕ.3፥9፤ ግብ.ሓዋ16፥29)።
3. ናይ ኣኽብሮት ይብሃሉ። (ዘፍ.47፥31)።

ኣብ ሰሙነ ሕማማት በዓላት እኳ እንተ ኣጋጠመ ንኣምላኽካ ምስጋድ ነቲ በዓል ምድፋር ማለት ስለ ዘይኮነ ኪስግድ ኣለዎ፡፡ (ዘፍ 47፥30-31)፡፡

## ኣንቀጽ 20 ምምላድ ቅዱሳነ እግዚኣብሔር

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ብናይ ቅድስት ድንግል ማርያምን፤ ብመላእኽትን፤ ነቢያትን፤ ሓዋርያትን፤ ሰማዕታትን፤ ጻድቃንን ኣማልድነት ትኣምን፡፡ (ዮሓ.2፥1-13፥ሉቃ.20፥37-39፥ራእ.6፥9፥ዕብ.12፥15፥ዘፀ.32፥1-14፥ማቴ.10፥40-42)



# ምዕራፍ 4
# ኣጽዋማትን በዓላትን

## ኣንቀጽ 21 (ኣጽዋማት)

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሥሩዕ ኣጽዋማት

1. ጾመ ነቢያት ካብ 15 ኅዳር ክሳብ 28 ታኅሣሥ
2. ዓርበ-ሮቡዕ
3. ገሃድ ድሮ ልደትን ትምቀትን፥
4. ጾመ ነነዌ - 3 መዓልቲ፥
5. ጾመ ኣርብዓ - 55 መዓልቲ ምስ ጾመ ሕርቃልን ሰሙነ ሕማማትን፥
6. ጾመ ሓዋርያት /ጾመ ሰነ/ይሓጽር ይነውሕ፥
7. ጾመ ፍልሰታ - 15 መዓልቲ ካብ 1 -15 ነሓሰ እየን፡፡

## ኣንቀጽ 22 በዓላት

### ሀ. ዓበይቲ በዓላተ እግዚእነ

1. በዓለ ትስብእት -29 መጋቢት
2. በዓለ ልደት -29 ታኅሣሥ ጥራይ ዝብዕል
3. በዓለ ጥምቀት - 11 ጥሪ
4. በዓለ ሆሣዕና - ሰንበት
5. በዓለ ስቅለት - ዓርቢ
6. በዓለ ትንሣኤ - ሰንበት
7. ዕርገት - ሓሙስ
8. ጰራቅሊጦስ - ሰንበት ካብ ፋሲካ/ 50 መዓልቲ
9. በዓለ ደብረ ታቦር - 13 ነሓሰ

**ንኡሳን በዓለተ እግዚእነ**

1. ስብከት =
2. ብርሃን =
3. ኖላዊ =
4. ጌና =
5. ግዝረት =
6. ቃና ዘገሊላ =
7. በዓለ ስምኦን =
8. ደብረ ዘይት =
9. መስቀል፣ 10 መጋቢት (17 መስከረም) =

**ሐ. ዓመታዊ በዓላተ ድንግል ማርያም**

1. ልደታ - ብ 1 ግንቦት
2. በዓታ - ብ 3 ታኅሣሥ
3. ቍስቋም - ብ 6 ኅዳር
4. ኪዳነ ምሕረት - ብ 16 ለካቲት
5. ፍልሰታ - ብ 16 ነሓሰ

**መ. ዓመታዊ በዓላት**

ቅዱስ ዮሓንስ ብ1 መስከረም ጥንተ ስቅለት 27 መጋቢት፤

**ሠ. ሰሙናዊ በዓላት**

ኩሉ ጊዜ ቀዳምን ሰንበትን ሰሙናዊ በዓላት እዮም።

**ረ. ወርኃዊ በዓላት**

1. ቅዱስ ሚካኤል - ብ 12 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ
2. በዓለ ማርያም - ብ 21 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ
3. በዓለ እግዚእነ - ብ 29 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ



**ሰ. በዓላት ቅዱሳን**

ናይ ሊቃነ መላእክት፤ ሓዋርያት፤ ሰማእታት፤ ጻድቃን፤ በዓላት ቤተክርስቲያን ብስሞም ኣብ ዝተሓንጸሉን፤ ታቦቶም ኣብ ዝተቐርጸሉን ሰበኻ ኺብዕል ይኽእል። ካብዚ ዝተረፈ ግና ቤተክርስቲያንና ክሥርሕ ንዝበለ ኮነ ክብዕል ንዝደለየ ተቓውሞ የብላን።

## ምዕራፍ 5
## ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን
### ኣንቀጽ 23 ስብሓታት
### ቤተክርስቲያንና በዞም ዝስዕቡ ስብሓታት ትግልገል

ሀ. ጸሎተ ነግህ
ለ. ሰዓታት ዘመዓልት ወዘሌሊት
ሐ. ያሬዳዊ ማኅሌት
መ. ስብከተ ወንጌል
ሠ. ቅዳሴ
ረ. ጸልተ ሥርክ
ሰ. ፍትሓተ ጸሎተ ምውታን። ብዝኒ ኣገልገልቲ ብዓ ቕሚ ቤተክርስቲያን ይውሰን።

### ኣንቀጽ 24 ጊዜ ቅዳሴን ኣገባቡን

ጊዜ ቅዳሴን ኣገባቡን ብቅዱስ ሲኖዶስ ይውሰን፡፡

### ኣንቀጽ 25 (ምዝርጋሕ ስብከተ ወንጌል)

ግዕዝ መሠረታዊ ቋንቋ ኮይኑ ጸሎትን ትምህርቲ ምንባባትን ሕዝቢ ብዚሰምዖ ቛንቋ።

ሀ. ኣብ ቤተክርስቲያን
ለ. ኣብ ትምህርቲ ሰንበት
ሐ. ኣብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ
መ. ኣብ ቀብሪ፤ ኣብ ሓዘን፤ ኣብ መርዓ
ሠ. ትምህርቲ ሃይማኖት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤተክርስቲያን ይወሃብ። ትምህርቲ ስብከት ወንጌል ክእለት ብዘለዎምን ቤተክርስቲያን ብዝኣመነትሎምን ሰባኪያን ጥራይ ይወሃብ። ክይተማህሩ ተማሂርና፡ ክይተላእኩ ተላኢኽና ኢሎም ቤተክርስቲያን ከይፈቐደትሎም ዚሰብኩ ክልኩላት እዮም።

1. ኣብ ዕለተ ሰንበት ኣብ መንጎ ቅዳሴ ወንጌል ምስ ተነበ ሕጽር ዝበለ ስብከት ወንጌል ይወሃብ።
2. ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ዝተፈላለየ ጸሎት ኮነ ስብከት ኣይፍቀድን።
3. ድሕሪ እግዚኦታ ኣብ ውሽጢ ሃይማኖት ኣበው እናተነበ፡ ኣብ ቀጽሪ ንዚርከቡ ምእመናን ስብከት ወንጌል ይወሃብ።
4. ትምህርቲ ሃይማኖት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ካብ ሰዓት 5፡00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ መዓልታዊ ይወሃብ። ሰንበት ከኣ ካብ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቐትሪ ይጅምር፡፡

## ኣንቀጽ 26 ፍትሓተ ጸሎት ምውታን

1. ንሓድሽ ዝሞተ ምእመን ጸሎተ ፍትሓት ሸብዓተ ጊዜ ኮይኑ፡ እተን ሽዱሽተ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን እታ ሻብዓይቲ ኣብ መካነ መቃብር ትፍጸም።
2. ዝኾነ ይኹን ቅኔ ንምውት ተባሂሉ ኣብ መቃብር ክይግበር ክልኩል እዩ። ኣብ ክንድኡ ስብከተ ወንጌል ከም ዚወሃብ ይኾውን።
3. ፍትሓተ ጸሎት፤ ዓሡር ኣርብዓ፤ ሰማንያ፤ ተዝካር፤ መንፈቕ ዓመት፤ ወዘተ ኪፍጸም ከሎ ዝኾነ እኽለ/ ማይ ክይግበር ክልኩል እዩ።



4. ኣብ ክንዲ እኽለ ማይ ጻማ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ካህናት፤ ቤተክርስቲያን ብእተውፅኦ መምርሒ ንቤተክርስቲያን ይኽፈል።

# ምዕራፍ 6
# ኣዕማድ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን

## ኣንቀጽ 27 መሠረት
## ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን

እዞም ዚስዕቡ ናይ ምምሕዳር ኣዕማድ ኣለዎም፡፡
ሀ. ቅዱስ ሲኖዶስ
ለ. መንበረ ፓትርያርክ
ሐ. ሃገረ ስብከት (መንበረ ጵጵስና)
መ. ንኡስ ሃገረ ስብከት
ሠ. ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን

## ክፍሊ ሓደ
## ኣንቀጽ 28 ቅዱስ ሲኖዶስ

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ላዕለዋይ መንፈሳዊ ኣካል ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ፡፡ ብመሠረት ቀኖና ቤተክርስቲያን ድማ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ
ሀ. ናይ ሃገረ ኤርትራ ፓትርያርክ /ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት/ ኣቦ መንበር።
ለ. ሊቃነ-ጳጳሳት
ሐ. ጳጳሳት /ኤጲስቆጶሳት/ እዮም።
መ. ሲኖዶስ ቍጽሩ ከም ናይ ሓዋርያት ኪመልእ እንተ ደለየ ካብ ደገ ባዕሉ መሪጹ ይውሰኽ።

## አንቀጽ 29 ዕላማ ቅዱስ ሲኖዶስ

ሀ. ናይ እግዚኣብሔር ወንጌለ መንግሥት ምስባኽን ትምህርቲ ወንጌል ምስፍሕፋሕን፡፡
ለ. ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ንምሕላውን ኣገልግሎታ ዝተማልአ ምግባርን፡፡
ሐ. ኣብ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ዝተዋፈሩ ኩሎም ቤተ ክህነት ኣብ ሓዋርያዊ ተግባር ንምውዳብን ክእለቶምን ናብራኦምን ከም ዚመሓየሽ ንምግባርን፡፡
መ. ኣመንቲ ኪበዝሑ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ኪሕነጹ ብእምነትን ስነ ምግባርን ኪጸንዑ፡ ብክርስቲያናዊ ሕይወት ተሓልዮም ኪነብሩ ጻዕሪ ምግባር፡
ሠ. ምምሕዳር ቤተክርስቲያን ምምሕያሽ፡ ቤተክርስቲያን ብገዛእ ጉዳይ ርእሳ ከም እትኽእል ምግባር፡፡
ረ. መንእሰያት ናይ ወለዲ /ኣበው/ እምነትን ባህልን ኣኽቢሮም ኪነብሩ ጻዕሪ ምግባር፡፡
ሰ. ኩሎም ደቂ ሰባት ካብ ጥሜት፤ ዕርቃን፤ ሕማም፤ ድንቁርና ተናጊፎም ብሰላምን ብምውህሃድን እናተሓጋገዙ ኪነብሩ ምምሃርን ምጽላይን፡፡
ሸ. ኣመንቲ ኪበዝሑ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ኪሕነጹ ብእምነትን ስነ ምግባርን ኪጸንዑ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ምኽፋትን ምስፍሕፋሕን እዩ።

## አንቀጽ 30 ሥልጣንን ኃላፍነትን ቅዱስ ሲኖዶስ

ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ቤተክርስቲያን ላዕለዋይ ሓጋጊ ኣካል እዩ። ከከም ኣድላይነቱ ንቤተክርስቲያን ዚኸውን ሓድሽ ሕጊ ንምውፃእ፡ ደረጃ ሥልጣነ ክህነት ዚምልከት ኮነ ንምምሕዳር ቤተክርስቲያን ዚምልከት ኣንቀጽ የውፅእ፡፡ ወይ ከኣ ናይ ቤተክርስቲያን መቕጻዕቲ ንምምሕያሽ ወይ ንቤተክርስቲያን ዚኸውን ኣንቀጻት ንምውፃእ ሥልጣን ኣለዎ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ እምነት ላዕለዋይ ሓላዊ እዩ። ነቲ ካብ ሓዋርያትን፤ ሰዓብቶምን፤ ኣቦታትን ዝተቐበልናዮ እምነት እናሓለወ ናይ እምነት መሠረት ዝኾነ ነገር ኪትርጉም ሥልጣን ኣለዎ። ንእምነትን ታሪኽ ቤተክርስቲያንን ብዚምልከት ንዚጸሓፉ መጻሕፍቲ ኪቖጻጸርን ኪፈቅድን ሥልጣን ኣለዎ።

ሀ. ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ቤተክርስቲያን ላዕለዋይ ወሳኒ ኣካል እዩ። ኣብ ዝኾነ ደኹን ሥልጣን ቤተክርስቲያን ወይ እምነታ ንዚትንከፊ ጌጋ ዝፈጸመ ዘበለ ምእመን ዚፈርድ ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ። ካብ ሃገረ ስብከት ብይግባይ ዚመጽእ ጉዳያት ተመልኪቱ ውሳኔ ዚህብ ንሱ ኮይኑ፡ ኣገባቡ ብዚምልከት ድማ ብሕጊ ይውሰን።
ለ. ቅዱስ ሲኖዶስ ዝወሰኖ ውሳኔታት መወዳእታን ይግባይ ዘይብሉን እዩ። ነቲ ዝተወሰነ ጉዳይ እንደገና ክርእዩ ዚግባእ ብቑዕ ምኽንያት እንተረኺበ ብጀካኡ ዝርእዮ ካልእ ኣካል የልቦን። ንኣብነት ተጋግዩ ክሒዱ ዝነበረ ሰብ ጥፍኣቱ ኣሚኑ ምሕረት ኪሓትት ከሎ ምሕረት ዚገብረሉ ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ፡፡
ሐ. ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ፓትርያርክ ምርጫ ዚቆጻጸርን ኣብቲ ምርጫ ዚካፈልን ነቲ ፓትርያርክ ምስ ተመርጸ ዚሸይምን ኣካል እዩ።
መ. ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን እምነት እናሓለወ፡ ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያን ዚግበር ርክባት ይውስን።
ሠ. ቅዱስ ሲኖዶስ ካብ ኣባላቱ ጳጳሳት ደኹኑ ኤጲስቆጶሳት ንዋና ጸሓፍነት ዚኸውን ብምሥጢር ይመርጽ፡፡

## ኣንቀጽ 31 ጊዜ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ

ጊዜ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ

ሀ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሠለስተ ወርኂ ማለት ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ጊዜ ይኸውን፡፡

ለ. ቅዱስ ሲኖዶስ ብዛዕባ ዚእከበሉ ጊዜን ኣገባብ ኣሠራርሕኡን ብዚምልከት እቲ ሲኖዶስ ባዕሉ ይውስን።

ሐ, ብተወሳኺ ህጹጽ ጉዳያት ምስ ዜጋጥም ብመጸዋዕታ ፓትርያርክ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ጉባኤ የካይዱ።

መ. ካብ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ሠለስተ ርብዒ ብዝተፈልየ ጉዳይ ጉባኤ ንኺግበር ንኣቦ-መንበር ምስ ዚሓቱ ጉባኤ ይካየድ።

## ኣንቀጽ 32 ናይ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ዋና ኣማሓዳሪ

1. ቅዱስ ሲኖዶስ ብኣቕራቢነት ፓትርያርክ ሓደ ናይ ምምሕዳር ተሞክሮን ብቕዓትን ዘለዎ ላዕለዋይ ናይ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ዋና ኣማሓዳሪ ይምድብ፡፡
2. እቲ ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝተመደበ ዋና ኣማሓዳሪ ናይ ቤተክርስቲያን ምምሕዳራዊ ጉዳያት ኩሉ ፈጻምን ኣፈጻምን ኢዩ፡፡

## ኣንቀጽ 33 ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ

ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ፣ ብመንፈሳዊነቱን ናይ ምምሕዳር ክእለቱን ልምዲ ሥርሑን ተመዚዙ፣ ካብ ማእከል ጳጳሳት ኣባላት ሲኖዶስ ተመሪጹ ይሸየም፡፡ ቤት ጽሕፈት ቅዱስ ሲኖዶስ በቲ ዋና ጸሓፊ ሲኖዶስ ይምራሕ፡፡ እቲ ዋና ጸሓፊ ተሓታትነቱ ንቕዱስ ሲኖዶስ እዩ፡፡



## ኣንቀጽ 34 ናይ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ ተግባርን ሥልጣንን

ሀ. ናይ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ ምስቲ ፓትርያርክ እናዘተየ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ዚቐርቡ ኣርእስተ ጉዳያት /ኣጀንዳ/ ኣዳልዩ የቕርብ።

ለ. ኣብ ጉባኤ ሲኖዶስ እናተረኽበ ቃለ ጉባኤ ይሕዝ፡፡

ሐ. ብቕዱስ ሲኖዶስ ዚወሃብ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ የመሓላልፍ ብዛዕባ ኣፈጻጽምኡ ክኣ ይቆጻጸር፡፡

መ. በብግዚኡ ብቕዱስ ሲኖዶስ ረጊኡ ዚመሓላለፍ ውሳኔ ኣብ ተግባር እንተ ዘይውዓለ ንቕዱስ ሲኖዶስ የቕርብ፡፡ ሲኖዶስ ከኣ ጉቡእ ስጉምቲ ይወስድ፡፡

ሠ. ንቕዱስ ሲኖዶስ ዚምልከት ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ብሲኖዶስ ከየተወሰነ ኬመሓላልፍ ኣይክእልን፣ እንተ ኣመሓላለፈ ከኣ ሕጋዊ ኮይኑ ኣይጸንዕን።

ረ. ፍሉይ ጉባኤ ኪግበር እንተ ተደልየ፣ ምስ ፓትርያርክ ብምምኽኻር ነቶም ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ብጽሑፍ ክም ዚጽውዑ ይገብር፡፡

ሰ. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓደ ፍሉይ ቤት ጽሕፈት ይህልዎ።

ቀ. ናይ ሲኖዶስ ማኅተምን ሰነዳትን ተረኪቡ ብጥንቃቐ ይሕዝ።

## ኣንቀጽ 35 ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ምክትል ዋና ጸሓፊ

ቅዱስ ሲኖዶስ ብመንፈሳውነቱን ክእለቱን ኣሚኑሉ ዝመረጾ መዓርገ - ክህነት ዘለዎ ካብ ደገ ምክትል ዋና ጸሓፊ ይህልዎ፡፡

## አንቀጽ 36 ናይ ምክትል ዋና ጸሓፊ መዝን ተግባር

ሀ. ዋና ጸሓፊ ኣብ ዚህልወሉ ጊዜ ሓጋዚ ኮይኑ፡ ዋና ጸሓፊ ኣብ ዘይሃለወሉ ጊዜ ድማ ንእኡ ተኪኡ ይሠርሕ፡፡ እንተኾነ ተኪኡ ኣብ ዚሠርሓሉ ቃለ - ጉባኤ ደኣ ይሕዝ እምበር ድምጺ ኣይህልዎን፡፡

ለ. ምክትል ዋና ጸሓፊ ተሓታትነቱ ንዋና ጸሓፊ እዩ፡፡

## ክፍሊ ክልተ
## አንቀጽ 37 ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ

ሀ/ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ምስ ቅዱስ ፓትርያርክ እንዳ ተማኽረ ብዋና ኣማሓዳሪ ዚምራሕ ጠቕላሊ ምምሕዳራዊ መሪሕነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ኢዩ፡፡

ለ/ እዚ ድማ ካብ ነፍስ-ወከፍ ሃገረ ስብከት ንዝተዋህበ ምምሕዳራዊ መምርሒታት ተመልኪቱ የጽድቕ ዝመሓየሽ የመሓይሽ፡፡

ሐ/ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ምምሕዳራውን ቊጽጽራውን ወዘተ ክፍልታት ላዕላዋይ ኣካል ኰይኑ የማሓድርን ይቆጻጸርን፡፡

## ክፍልታት
## አንቀጽ 38 ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ኣለውዎም

ሀ. ክፍሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ
ለ. ክፍሊ ስብከተ ወንጌል
ሐ. ክፍሊ ኣገልግሎት ካህናት
መ. ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት



ሠ. ክፍሊ ልምዓትን ዕቤትን
ረ. ክፍሊ ረድኤትን ደኹማትን ጽጉማትን
ሰ. ክፍሊ ገንዘብ
ሸ. ክፍሊ ሕሳብ
ቀ. ክፍሊ ንብረትን ታሪኻዊ ቅርሳ ቅርስን /መዘክርን/
በ. ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን
ተ. ክፍሊ ቊጽጽር
ቸ. ክፍሊ ርክባት ወፃኢ
ኀ. ክፍሊ ምምሕዳር ገዳማት
ነ. ክፍሊ ጥሮታ

1. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ኣድለይቲ ምኺኖም ስለ ዝተኣምነሎም፤ ኃይሊ ሰብ ኣብ ዚውሕደሉን ምምላእ ኣብ ዘይተኻእለሉን፤ ነናይ ክፍሉ ሥራሕ ዓይነትን ጠባይን ከም ዘለዎ ኮይኑ ተማሳሳሊ ዝኾነን ዘይጋጮን ክፍልታት ክልተ ወይ ሠለስተ ብሓባር ብምድራብ ብሓደ ሓደ ናይ ሥራሕ ሓለፍቲ ኪሥራሕ ይከኣል እዩ። ከምኡውን ንነፍስ ወከፍ ክፍሊ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ብምጥቃም ንኡስ ኮሚቴ ኣቀሙ ኪሠርሕ ይኽእል እዩ።

2.ንዝተዘርዘሩ ክፍልታት ዘድልዩ ኃለፍቲ ብግብረ ገብነቶምን ክእለቶምን ብናይ ሥራሕ ልምዶም ዝተመስከረሎም ኮይኖም ብተወሳኺ ከም ናይቲ ክፍሊ ዓይነት ሥራሕ ክእለቶም እናተራእየ ብቐዋሚ ኣገልግሎት ከም ዚምደቡ ይግበር።

## አንቀጽ 39 ክፍሊ ስብከተ ወንጌል

1. ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚወጽእ ሕግን መምርሕን እንተኸታተለ ክፍሊ ስብከተ ወንጌል ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ተግባር ይፍጽም፡፡

ሀ. ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምትሕባባር ሰባኪያን የሰልጥን፡፡
ለ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ክፍሊ ስብከተ ወንጌል

ከምዚቐውም ይገብር፡፡
ሐ. ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ወጻኢ ዝኾነ ስብከት ከይዝርጋሕ ምቍጽጻር ይገብር።
መ. ንትምህርትን ስብከትን ዘበራትዕ ሥነ-ጽሑፍ የዳሉ፡ ብጉባኤ ሊቃውንት ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ፡፡

## ኣንቀጽ 40 ክፍሊ መንፈሳዊ ትምህርት

ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ እናተኸተለ ነዚ ዚስዕብ ተግባር ይፍጽም።
ሀ. ብሃገር ደረጃ መንፈሳዊ ትምህርቲ /ኮሌጅ/ ከም ዚቐውም ይገብር።
ለ. ኣብዚ ትምህርቲ

1. ናይ ንባብን ጽሕፈትን
2. ናይ ቅዳሴ
3. ናይ ጸዋትወ ዜማ
4. ናይ ቅኔ ትምህርቲ
5. ትርጓሜ መጻሕፍቲ /ትምህርቲ ሃይማኖት/
6. ናይ ኢደ-ጥበባትን ተግባረ-እድን ትምህርቲ ከም ዚወሃብ ይገብር።

ሐ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ከም ዚቐውም ይገብር፡፡
መ. ንመምሃሪ ዚኾኑ መጻሕፍቲ የዳሉ ነቲ ዝተዳለወ ብጉባኤ ሊቃውንት ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ።
ሠ. ናይ ትምህርቲ ትሕዝቶን ኣመራርሓን ቍጽጽር ይገብር።

## ኣንቀጽ 41 ክፍሊ ኣገልግሎት ካህናት

ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ እናተኸተለ ነዚ ዚስዕብ ተግባራት ይፍጽም።



ሀ. ካህናት ናይ ንስሓ ደቆም ከመይ ገይሮም ናብ ንስሓ ከም ዜብጽሕዎምን ከም ዚመኽርዎምን ብመሠረት ኣንቀጽ 40 ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምትሕብባር ከም ዚሥልጥኑ ይገብር።
ለ. ኣፈጻጽማ ሥርዓት ቤተክርስቲያን ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምእመናን ብትኽክል ይወሃብ ምህላው ይቆጻጸር።

## ኣንቀጽ 42 ክፍሊ ትምህርቲ ሰንበት

ንቤት ትምህርቲ ሰንበት ዚምልከት ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚወፅእ ሕግን መምርሕን እናተኸታተለ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ተግባር ይፍጽም።
ሀ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዘለዋ ክልል ኣብያተ ክርስቲያን ቤት ትምህርቲ ሰንበት ከም ዚቐውም ይገብር።
ለ. ሕፃናት መንእሰያት ደቂ ቤተክርስቲያን ብትምህርቲ ሃይማኖትን ሥነ-ሥርዓትን ተኹስኪሶም ንኺዓብዩ ዜኽእሎም ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምትሕብባር

1. ሥርዓተ ትምህርቲ ሃይማኖት ይሕንጽጽ
2. መንፈሳዊ ትኅዝቶ ዘለዎም መጻሕፍቲ የዳሉ ነቲ ዝተዳለወ ብጉባኤ ሊቃውንት ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ።
3. ምስ ክፍሊ ትምህርትን ክፍሊ ስብከትን ብምትሕብባር ብቑዓት መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰንበት የመልምል።
4. መንእሰያት ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ከይወፁ ምቍጽጻር ይገብር።
5. ንመንእሰያት ዚኸውን ቤት ንባባትን ኣደራሻትን ኪዳለውን ኪሥርሑን ኣድላዪ ጻዕሪ ይገብር።

## ኣንቀጽ 43 ክፍሊ ልምዓትን ዕቤትን

ሀ. ሓቢርን ነዊሕን ጊዜ ትልሚ ብምድላው ንዝተፈላለየ

ኣቓሑ ናይ ሥራሕ ትልምታት፥ ናይ ገንዘብ፥ ናይ ኣቓሑ ናይ፥ ክእለትን ጉልበትን ካብ ዝተፈላለዩ ማኅበራትን ትካላትን ሓገዝ የሐትት።

ለ. ኣብ ዕዳጋ ዚቐርቡ ናይ ቅርስታትን ናይ ተግባረ-እድን ሥራሕ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ከም ዚቐውም ይገብር።

ሐ. ቤተክርስቲያን ኣብ ልምዓትን ምትካል እግርን ዚካየድ ሓፈሻዊ ጻዕሪ ንጡፍ ግደ ከም ዚህልዋ ይገብር።

መ. ኣብ ምዕባለ ትምህርትን ቍጠባን ሃገራዊ መንፈሳዊ ባህልን ሥርዓትን ዚምልከት ሰፊሕ ሃገራዊ ተሳትፎ ከም ዚህልዋ ይገብር።

## ኣንቀጽ 44 ክፍሊ ረዲኤት ድኹማትን ጽጉማትን

ሀ. ንድኹማትን ጽጉማትን ብዚምልከት ንመንግስታዊ ክፍሊ እናተሓሳሰበ ምትሕብባር ይገብር።

ለ. ከምኡውን እቶም ጽጉማትን ድኹማትን መንፈሳውን ሥጋውን ናብራኦም ዝተማልአ ምእንቲ ኪኸውን ትምህርቲ ከም ዚወሃቦም ይገብር።

## ኣንቀጽ 45 ክፍሊ ሕሳብን ገንዘብን

ሀ. ኣብዚ ሕጊዚ ኣብ ኣንቀጽ 97-99 ብዚእዝዞ መሠረት ገንዘብ ቤተክርስቲያን ብማእከልነት ከም ዚሕሎ ይገብር።

ለ. ንኣተኣኻኽባን ኣተኣታትዋን ኣወፃፅኣን ገንዘብ ብዚምልከት መምርሕን ናይ ገንዘብ ሰነዳትን የውፅእ። ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ድማ ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ከም ዚመሓላለፍ ይገብር።

ሐ. ናይ ሕሳብ መዛግብቲ ብዝተማልኣ ኩነታት ናይ ኣታውን ወፃእን ብሕጋዊ ከም ዚተሓዝን ከም ዚሠርሕን ንምግባር



ትእዛዛትን መምርሒታትን የመሓላልፍን ይቆጻጸርን።

## ኣንቀጽ 46 ክፍሊ ንብረትን ታሪኻዊ ቕርስን መዘክርን

ሀ. ካብ ታቦተ ሕጉ ጀሚሩ ናይ ኣብያተ ክርስቲያን ንዋየ ቅድሳትን ኣልባስን መጻሕፍትን ዝተፈላለዩ ቅርስታትን ብግቡእ ተደብቲሩ ኪሕሎ ከም ዘለዎ ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መምርሒ የመሓላልፍ።

ለ. ዝኾነ ይኹን ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብትን ንብረትን ናይ ኣብያተ ጽሕፈትን ኣብያተ ክርስቲያንን ከም ዚትሓዙ ኪግበር መምርሒ የመሓላልፍ።

ሐ. ታሪኻዊ ቅርስታት ተደብቲሮም ጉድኣት ከይበጽሖም ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ምእንቲ ኪመሓላለፉ ብግቡእ ኪዕቀቡ መምርሒ የመሓላልፍ።

መ. ብስም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ብሃገር ደረጃ መዘክር (ሙዝየም) ከም ዚቐውም ይገብር።

## ኣንቀጽ 47 ክፍሊ ቍጽጽር

ሀ. ንገንዘብን ንብረትን ብሓፈሽኡ ንዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ቤተክርስቲያን ብዝምልከት ዝተመሓላለፈ መምርሒ ኣውጺኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ናብ ነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ ነቲ ዝተመሓላለፈ መምርሒ ድማ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ይቈጻጸር፡፡

ለ. ንኣተኣኻኽባን ኣተኣታትዋን ኣወጻጽኣን ገንዘብን ንብረትን ምቍጽጻርን ንነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት ይቈጻጸር፡፡

## ኣንቀጽ 48 ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን

ሀ. ንካህናትን ምእመናንን መንፈሳዊ መሰሎምን ግዴታኦምን ኪፈልጡን ኪርድኡን ምእንቲ ኪኽእሉ ብቅዱስ ሲኖዶስ ተመሓይሹን ተወሲኑን ዝወጸ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝተፈላለየ መምርሒታትን ውሳኔታትን ናብ ነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ።

ለ. ካብ ነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት ብይግባይ ዝቐረቡ ጉዳያት ብመሠረት መቕጽዒ ሕጊ ርእዩ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ የመሓላልፍ።

ሐ. ብይግባይ ተራእዮም ዝተወሰኑ ንኣፈጻጽማ ነናብ ዝምልከቶ ሃገረ ስብከት ተላኢኾም ኽፍጸሙ የመሓላልፍ።

መ. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓደ ናይ ዕርቂ ኮሚቴ 3 (ሰለስተ) ሰባት ዝኣባላቱ ይህሉ። ኣድላዪ ኮይኑ ክርከብ ከሎ ድማ ካብ ውሽጢ ቤት ጽሕፈት ደኹን ካብ ወጻኢ 2 (ክልተ) ሰባት ብዋና ኣማሓዳሪ ዝተመርጹ ዘለውዎ ይኸውን። እዚ ኮሚቴ'ዚ ተጸዋዕነቱ ንዋና ኣማሓዳሪ ኮይኑ ብቀዳማይ ደረጃ ኮነ ብይግባይ ንዝቐርብ ክርክር ክልተ ሰብ ኣቐሪብካ ብዕርቂ ብሰላም ምዕራፍ፣ እዚ ምኺን እንተኣበዮ ድማ ናይቲ ዘጋጠሞ ጉዳይ ሽግር ብዝርዝር ገሊጹ ናይ ርእይቶ ሓሳብ ብጽሑፍ ናብ ዋና ኣማሓዳሪ ምቕራብ እዩ።

## ኣንቀጽ 49 ክፍሊ ርክባት ወጻኢ

ክፍሊ ርክባት ወጻኢ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኣብ ኣንቀጽ 38 ከም ዝተገልጸ ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ ብምኽታል ንወጻኢ ዚምልከት ጉዳይ ይፍጽም።



## ኣንቀጽ 50 ክፍሊ ምምሕዳር ገዳማት

ገዳማት ኤርትራ ብሥርዓተ ጳኩሚስን ብናይ ሥምረት ሓድነት ገዳማት ሕግን ይመሓደራ። ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተመዘዘ ጳጳስ ወይ ቆሞስ ድማ ይእለያ።

## ኣንቀጽ 51 ክፍሊ ጥሮታ

በቲ ብጊዜያዊ ሲኖዶስ ዕለት 24 ሓምለ 1984 ዓ.ም. ብዝወጸ ሕጊ ጥሮታ መሠረት ሥርሑ ይፍጽምን የፈጽምን።

## ኣንቀጽ 52 ክፍሊ ጠቕላሊ ቊጽጽር

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ተጸዋዕነቱ ንቅዱስ ሲኖዶስ ዝኾነ ላዕለዋይ ጠቅላሊ ተቈጻጻሪ ክፍሊ ተቘውም። ናይዚ ክፍሊዚ በዓል መዚ ብቅዱስ ሲኖዶስ ይምዘዝ። ዘድልይዎ ብቁዓት ሠራሕተኛታት ድማ ብቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ይምደበሉ።

ጠቅላሊ ክፍሊ ቊጽጽር እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ። ካብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ጀሚሩ ክሳብ ሰበኻ ጉባኤ ንዘሎ ሃብቲ ቤተክርስቲያን

ሀ. ገንዘብ ብዚምልከት

ለ. ንብረት ብዚምልከት

ሐ. ኣፈጻጽማ ሥራሕ ብዚምልከት ከምኡውን ቤተክርስቲያን ዝገበረቶ ግስጋሴ ክትገብሮ ዚግብኣ ዘይገበረቶን ዘጕደለቶን ማለት ሓፈሻዊ ምንቅስቃስ ሥራሕ ብዚምልከት ኪቆጻጸር ሥልጣንን ሓላፍነትን ስለ ዘለዎ ኣብ 3 ወርኀን ኣብ 6 ወርኀን ኣብ ዓመትን ጸብጻብ ንጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኬቕርብ ይግደድ። ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኽበ መንበረ ፓትርያርክ ካልኦት ክፍልታት ኪምሥርት ይኽእል። ኣብ መንበረ ጽጽስና

ንእስ ሃገረ ስብከት ኮነ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ካብዘን ዝተጠቕሳ ኣድላዪ ዝኾና ክፍልታት ኪምሥረታ ይኽእላ፡፡

## ኣንቀጽ 53 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ

ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

1. ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፤ ናይ ገዳማት ኣበምኔታት፤ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዝተወከሉ ሓሓደ ካህን፤ ሓሓደ ምእመን፤ ሓሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተወከልትን፤ ብናይ መንበረ ፓትርያርክ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ሓለፍትን ይምሥረት፡፡
2. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ናይ ክፍሊ ኃለፍቲ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣባላት ኮይኖም ጸብጻብ ስርሖም የቕርቡ፡፡
3. እቲ ፓትርያርክ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበር እዩ።
4. ፓትርያርክ ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባላት ንፓትርያርክ ዚውክል ጳጳስ ናይቲ ጉባኤ ኣቦ መንበር ይኸውን።
5. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ኣማሓዳሪ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ጸሓፊ ይኸውን።
6. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰብኻ ጉባኤ ኣብ ዓመት ክልተ /2/ ጊዜ ይጋባእ።

## ኣንቀጽ 54 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን

እዞም ዝተዘርዘሩ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመን እናኣፈጸመን



ብተወሳኺ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ፡፡

1. ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ሕግን ሥርዓትን ከም ኣድላይነቱ እናመኸረ ከም ዚመሓየሽ ይገብር፡ ናይ ሰበኻ ምምሕዳርን ናይ ሥራሕ ኣመራርሓን ዘድሊ ሓፈሻዊ መምርሒ የውጽእ፡ ኣብ ተግባር ከም ዝወዓለ ድማ ምቁጽጻር ይገብር፡
2. ብዛዕባ ምምሕዳር ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ብመሠረት ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ሕግን ሥርዓትን መምርሒ የውጽእ።
3. በብጊዜኡ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ንዚወፁ መንፈሳዊ ሕግታትን መግለጺታትን ነፍስ ወከፍ ሰበኻ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ከም ዚርድኦምን ከም ዚፍጽሞምን ይገብር፡፡
4. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዝቐረቡ ሓፈሻዊ መግለጺታት ምስ ሰምዐ ኣቕዲሙ ነቶም ዝተዳለዉ ናይ መዘራረቢ ኣርእስቲ መሠረት ብምግባር ሓደ ብሓደ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ሓሳብ ተዋሂቡን ተመኻኺሩን ይውስን፡፡
5. ናይ ቤተክርስቲያን ኣገልግሎት ንምምዕባል ላዕለዋይ ናይ መንፈሳዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተማልኡን ናይ ወንጌል ልኡኻትን ትካላትን ናይ ልምዓት፡ ናይ ግብረ ሠናይ ትካልትን፡ ብደረጃ ሃገር ከም ዚቖሙን ከም ዚሰፍሑን ይገብር፡
6. ካብ መንበረ ፓትርያርክ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ናይ ሥራሕ እማሜታት እናመርመረ ምስ ተሰማምዓሉ ብምልኡ ኮነ ብኸፊል ከም ዚፍቀድ ይገብር።
7. ነቲ ዝተፈቕደ ናይ ሥራሕ እማሜታት ዘድሊ ገንዘብ ክፍሊት መጠን ይውስን፡ ከም ዝተኣከበን ኣብ መዓላ ከም ዝወዓለን ድማ የረጋግጽ።
8. ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ሓፈሻዊ ምምሕዳርን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዚኸፈል ናይ ገንዘብ ክፍሊት ብጊዜኡ ኣታዊ ከም ዝኾነ ይቆጻጸር።

9. ክሳብ 30 ሕዳር ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት በብጊዜኡ ዚለኣኽ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ መደብ /በጀት/ ተጸኒዑን ተጻርዩን ምስ ቀረበ ብቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ብዚወፅእ መምርሒ መሠረት ትኽክል ምዃኑ ኣረጋጊጹ ቅድሚ 30 ታሕሳስ ናብቲ ለኣኻይ ሃገረ ስብከት ክም ዚምለስ ይገብር።

10. ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ምምሕዳርን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎትን ዘድሊ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ መደብ /በጀት/ ይምድብ፣ ይፈቅድ፣ ኣብ መዓላ ከም ዝወዓለ ድማ ይቈጻጸር።

11. ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ገንዘብን ንብረትን ብሕሳብ መጻረዪ ክም ዚምርመር ይገብር።

12. ካብ ነፍስ ወከፍ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ንዚእከብ ናይ ገንዘብ ክፍሊትን ንብረትን ሓልፌ ዚኸውን መጋቤ-ሃብታት ናይ ሕሳብ ተቆጻጻራይን መሪጹ ይምድብ።

## ክፍሊ ሠለስተ ሃገረ ስብከት
## ኣንቀጽ 55 መንበረ ጽጽስና

ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት ብጳጳስ ዚምራሕ መሪሕነት ሃገረ ስብከት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን እዩ።

## ኣንቀጽ 56 ናይ መንበረ ጽጽስና /ሃገረ ስብከት/ መዝነትን ተግባርን

1. ናይ መንበረ ጽጽስና ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ናይቲ ክፍሊ ቤተ ክህነት ላዕለዋይ ቤት ጽሕፈት ስለ ዝኾነ

ሀ. ቅዋም ቤተክርስቲያን ዚሕግጎ ኲሉ ናይ ምፍጻም መዝነትን ኃላፍነትን ኣለዎ።

ለ. በዚ ቅዋም ቤተክርስቲያን እዚ ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት በብደረጅኡ ክም ዚቖሙ ይገብር።



ሐ. ናይዚ ቅዋም ቤተክርስቲያን ዕላማን ሕግታትን ኣብ ውሽጢ እቲ ሃገረ ስብከት ንዚርከቡ ናይ መንበረ ጽጽስና ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ኣገልግልቲ መግለጺ ይህብ፣ ከምኡውን ኣብቲ ሰበኻ ንዚርከቡ ካህናትን ምእመናንን በብግዜኡ እናተዛዋወረ መብርህን መረዳእታን ይገብር።

2. ናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበርን ናይቲ ሃገረ ስብከት ናይ ቤተ ክህነት ምምሕዳር ላዕለዋይ ሓላፍን ስለ ዝኾነ፣

ሀ. ኣብዚ ኣንቀጽ ንኡስ ኣንቀጽ 1 ንዝተመልከተ ጉዳይ ላዕለዋይ ተቖጻጻሪ ብምዃን እናተኸታተለ ክም ዚፍጸም ይገብር፡፡

ለ. ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ብዝሃቦ ውሳኔን መምርሕን መሠረት ዝኾነ ይኹን ናይ መንፈሳውያን ጉባኤታት ጉዳይ ንምፍጻም ንዚምልከቶ ይእዝዝ ነቲ ሥራሕ ከኣ ላዕለዋይ ሓላፊ ኮይኑ ይፍጽም። እናተቈጻጸረ ከኣ ክም ዚፍጸም ይገብር።

ሐ. ንመራሕቲ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት በብጊዜኡ መንፈሳዊ ምኽርን መምርሕን ቡራኬን ይህብ፣ ከምኡውን የበራትዕ ንማኅበረ ምእመናን ድማ እናተዘዋወረ ኣድላዪ ናይ መንፈሳዊ ምኽርን /ፍናን/ ሓገዝን ክም ዚረኽቡ ይገብር።

መ. ኣብ ውሽጢ ክልል ሃገረ ስብከት ብመጀመርታ ደረጃን ብይግባይ ዝቐረበን ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ጉዳይ ኣብቲ ሃገረ ስብከት ክም ዚውዳእ ይገብር፣ እንተኾነ ብይግባይ ንላዕለዋይ ኣካል ምትሕልላፍ ሕጋዊ ኮይኑ እንተ ተረኺበ፣ ነቲ ጉዳይ እናጽነዐ ክም ኩነታቱን ክም ናይቲ ነገሩ ዓይነት ክብደትን እንተራእየ ናብ መንበረ ፓትርያርክ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ክም ዚቐርብ ይገብር።

## ኣንቀጽ 57 ናይ መንበረ ጵጵስና /ሃገረ ስብከት/ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበካ ጉባኤ ኣመሠራርታን ትካልን።

1. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ዚርከቡ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበካ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ዝተመርጸ፣ ካብ ካህናት ሓደ፣ ካብ ምእመናን ሓደ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሓደ ምስ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሒ ሥራሕ 4 (ኣርባዕተ) ልኡኻት ኮይኖም ካብ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ተሓርዮም ኣብ ትሕቲ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ብሓባር ሓፈሻዊ ጉባኤ ይምሥርቱ።

2. በዚ ኣመሠራርታ እዚ ዝተመሥረተ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ይጋባእ

3. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ተመሪጾም ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ዚረግኣሎም ካብ ክልተ (2) ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ (4) ዘይበዝሑ ኣብ ሠለስተ ዓመት ዚልወጡ ናይ ምምሕዳር ኣባላት ይህልውዎ።

4. ናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይቲ ጉባኤ ኣቦ መንበር እዩ።

5. ጳጳስ ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ናይቲ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ፡፡

6. እቶም ናይ ምምሕዳር ኣባላት ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ደኾኑ፣ ብተወሳኺ ናይቲ ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ናይ ክፍሊ ሓለፍቲ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ኮይኖም ይሳተፉ፣ ጸብጻብ ሥርሖም ድማ የቕርቡ።

7. እቲ ናይቲ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፍሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበር ኮይኑ ኣብ ዚመርሓሉ ጊዜ ካብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሓደ ዋና ጸሓፊ ዚኸውን ይምደብ።



## ኣንቀጽ 58 ናይ መንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን

ኣብዚ ሕጊዚ ዝተመልከተ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመን እናኣፈጸመን ብተወሳኺ ናይ መንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ተወሲኑን ተፈቒዱን ካብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተመሓላለፈ ሕግን መምርሕን መሠረት ናይዚ ሕግ እዚ መሠረታዊ ሓሳብ ከይለቐቐ ንመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ውሽጣዊ ናይ ሥራሕ መምርሕን መመሓደሪኡን ከውጽእ ይኽእል ብሓፈሻኡ ናይ ሃገረ ስብከት ምምሕዳር ሃብትን ንብረትን ኣገልግሎትን ንምስፍሕፋሕ ብምትሕብባር ምቍጽጻር ይገብር።

2. ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ተዳልዩ ዝቐረበ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብሓፈሻኡ ናይቲ ክልል ሃገረ ስብከት ናይ ዝሓለፈ ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ናይ ገንዘብን ንብረትን መግለጺ ብምሃብ እናመርመረ በቲ ናይቲ መዘራረቢ ኣርእስቲ መሠረት ብናይ ነፍስ ወከፍ ጉዳያት ውሳኔ የመሓላልፍ።

3. ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ሥራሕ ምንቅስቓስ ንምብርታዕ ንመንፈሳዊ ኣብያተ ትምህርትን ናይ ወንጌል መልእኽቲ ሰበኽትን ናይ ሰበካ መንፈሳውያን ጉባኤታን ናይ ዕቤትን ልምዓትን ትካልት፣ ናይ ግብረ ሠናይ ማኅበራዊ ኣገልግሎትን ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ተመሥሪቶም ከም ዘስፋሕፍሑ ይገብር።

4. ብቅዱስ ሲኖዶስ ተወሲኑ ብዚወሃብ ካብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤ ብዚመሓላለፍ መምርሒ መሰረት እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ዚትከሉ ሓደስቲ ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ዝተወሰነሎም ቦታ ምእንቲ ኪትከሉ ናይ ስምምዕ ውዕል ርእዩን ተመልኪቱን ምስ ተሰማምዓሉ

ፍቓድ ይህብ። ነቶም ሓደስቲ ዚምሥረቱ ኣብያተ ክርስቲያን ድማ ርእሶም ምእንቲ ኪኽእሉ ብሃብትን ኣገልግሎትን ከምኡውን ብኻልእ ነገር ዚከኣሎ ሓገዝ ይገብረሎም።

5. ምስ ዚምልከቶም ትካላት ኃላፍቲ እናተሓባበረ ናይ ግብረ ሠናይ ማኅበራዊ ኣገልግሎት ከም ዚምዕብል ይገብር፣

6. ካብ ምምሕዳር ጉባኤ ዝቐረበ ናይቲ ሃገረ ስብከት ከምኡውን ናይ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ወይ ወረዳ ዝተፈላለየ ናይ ሓባር ሥራሕ እማመታት መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ ብኸፊል ወይ ብምልኡ ከም ዚፍቀድ ይገብር፣ ወይ ድማ ከመሓይሽ ይኽእል።

7. ብደረጃ ሃገረ ስብከት ንዚፍጸሙ ናይ ስራሕ እማመታት ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘድሊ ናይ ገንዘብ ክፍሊትን መጠንን ይውስን፣ ከም ዝተኣከበን ኣብ ተግባር ከም ዝወዓለን ድማ ምቊጽጻር ይገብር።

8. ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ክልል ሓፈሻዊ ምምሕዳር ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዚኽፈል ናይ ገንዘብ ክፍሊት ብጊዜኡ ኣታዊ ከም ዝኾነ ምቊጽጻር ይገብር።

9. ናይቲ ሃገረ ስብከትን ናይ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታትን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ /በጀት/ መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ ክሳብ 30 ሕዳር ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ቤት ጽሕፈት ከም ዚመሓላለፍ ይገብር። ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከኣ እቲ ዝቐረበሉ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ኣመዳድባ በጀት ብትኽክል ከም ዝተሰርሐ ኣረጋጊጹ ቅድሚ 30 ታኅሣሥ ናብ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መሊሱ ይልእኽ።

10. ናይቲ ሃገረ ስብከት ገንዘብን ንብረትን ብመጻረዪ ሕሳብ ከም ዚምርመር ይገብር።



11. ካብ ነፍስ ወከፍ መንፈሳውያን ጉባኤታት ዚዋፃእ ናይ ሕሳብ ገንዘብ ክፍሊታትን ንብረትን ኃላፊ ዚኸውን መጋቤ-ሃብታት ከምኡ እውን ናይ ሕሳብ ተቇጻጻሪ ይምድብ።

12. ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተጸዋዕነቱ ንመንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይኸውን።

13. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ናይ ገንዘብ (በጀት) ዓመት ካብ 1 ጥሪ ክሳብ 31 ታኅሣሥ ናይ በጀት ዓመት ይኸውን። ናይ ገንዘብ መደብ /በጀት/ ብፓትርያርክ ቀሪቡ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይጸድቕ።

14. ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተወከልቱ መሪጹ ይልእኽ።

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## ቤተ ክህነት ንኡስ ሃገረ ስብከት /ዘኣድያም/
## ኣንቀጽ 59 ቤት ጽሕፈት ንኡስ ሃገረ ስብከት (ዘኣድያም)

ብጳጳስ ወይ ብቆሞስ ወይ ብካህን ዚምራሕ መሪሕነት ንኡስ ሃገረ ስብከት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን እዩ።

## ኣንቀጽ 60 ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዉያን ሰበኻ ጉባኤታት ኣመሰራርታን ትካልን

1. ኣብ ውሽጢ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ብዝሓም ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣብያተ ክርስቲያን ብተወከልቶም ብናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መራሕ ሥራሕ ሊቀ መንበርነት ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ይምሥርቱ።

2. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ተመሪጾም ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ መዝነቶም ዝረግአሎም ካብ 2 ዘይውሕዱ ካብ 4 ዘይበዝሑ አብ ሠለስተ ዓመት ዚልወጡ ናይ ምምሕዳር አባላት ይህልውዎ።
3. እቲ መራሒ ሥራሕ አብ ዘይህልወሉ ጊዜ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ አቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ።
4. ብቍጽሪ እንተ አብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝርከባ አብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ ካህን፣
5. ብቍጽሪ እተን አብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዚርከባ አብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ ምእመን
6. ብቍጽሪ እተን አብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝርከባ አብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ አባል ናይ ሰንበት አብያተ ትምህርቲ አባላት ይኾኑ።
7. እቲ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ አቦ መንበር ኮይኑ አብ ዝመርሓሉ ጊዜ ካብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ቃለ ጉባኤ ዚሕዝ ሓደ ዋና ጸሓፊ ይምደብ።

## አንቀጽ 61 ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን

ሀ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ካብዚ ቀጺሉ ዝተመልከተ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ብንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ተዳልዩ ብዝቐረበ ናይ መዘራረቢ አርእስቲ መሠረት ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ አባላትን ኵነታት አገልግሎትን ናይ ሥራሕ አፈጻጽማን ናይ ገንዘብን ንብረትን ሓፈሻዊ መግለጺ ሰሚዑ ውሳኔ ይህብ፡፡
2. ዝቐረበሉ ናይቲ ሰበኻ ናይ ሓባር እማመ ናይ ዝተፈላለየ አገልግሎት መርሓ ግብርን እናመርመረ ምስ ተሰማምዓሉ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ሃገረ ስብከት ክም ዝመሓላለፍ ይገብር።
3. ካብ ላዕለዋይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ንዝተፈቐደሉ ናይ ሥራሕ እማመ ንዝተፈላለየ አገልግሎት ዘድሊ ናይ ገንዘብ ክፍሊት መጠን ይውስን፣ ክም ዝተአከበን አብ ሥራሕ ክም ዝወዓለን ድማ ምቍጽጻር ይገብር።
4. ተጸኒዑ ንዝቐረበሉ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ በጀት መርሚሩ ምስ ተሰማመዓሉ ምእንቲ ኪፍቀድ ናብ ልዕሊኡ ይሓትት፣
5. ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሓፈሻዊ ምምሕዳር ንዝተፈላለየ አገልግሎት ዚኸውን ናይ ገንዘብ ክፍሊት ብጊዚኡ አታዊ ክም ዝኾነ የረጋግጽ።
6. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ገንዘብን ንብረትን ብሕሳብ መጻረዪ ምቍጽጻር ይገብር።
7. አብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ዝተዘርዘሩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብምምልካት እቲ ናይ ምምሕዳር ጉባኤ በብመሥርዑ አጽኒዑ ምስ አቕረቦ ክክም አድላይነቱ ብደረጃ ንኡስ ሃገረ ስብከት ክም ዚቐውም ይገብር።
8. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተሓዝ ገንዘብን ካልኦት አድለይቲ ዝኾኑ ሓለፍትን ይመርጽ፣
9. አድላይነቱ በቲ ጉባኤ ዝተአምነሉ ሓድሽ ሥርዓትን ዝተፈላለየ መምርሕን መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ሃገረ ስብከት ክም ዚመሓላለፍ ይገብር
10. ናይዚ ጉባኤ እዚ ተጸዋዕነት ናብ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን።
11. ናብ መንበረ ጵጵስና መንፈሳዊ ሓፈሻዊ ሰበኻ ጉባኤ ተወከልቲ መሪጹ ይልእኽ።

ለ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ሥራሕ መዝነትን ተግባርን፡ ኣብዚ ሕጊ እዚ ዝተዘርዘረ ዕላማ እናፈጸመ ብተወሳኺ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሊቀ ካህናት እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ፡

1 ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ሥራሕ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ምምሕዳር ጉባኤ ሊቀ መንበርን ዋና ኣፈጻሚ ሥራሕን ብምዃኑ በዚ ሕጊ እዝን ካብ ላዕለዋይ ኣካል ብዚወሃብ መምርሕን ውሳኔን መሠረት፡ ነቲ ሰበኻ ጉባኤ ምድርጃው ምትኽኻል ብቃለ ጉባኤ ዝተመዝገቡ ውሳኔታት ከም ዝፍጸሙ ምግባር፡ ከምኡውን ናይ ጽሕፈትን ናይ ሕሳብን ኣታሓላልዋ ንብረትን ካልእ ናይቲ ሰበኻ ሥራሕን ብሓፈሻኡ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኃላፍን ተጸዋዕን እዩ።

2 በዚ ኣንቀጽ እዚ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ዝተመልከተ ሓፈሻዊ ሓሳብ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ስራሕ

ሀ. ኣብ ውሽጢ እቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዚርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ብምምሕዳር ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ዝደራጀውን ከም ዝባራታዕን ይገብር።

ለ. ኣብቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዚርከቡ ናይ ቤተ ክህነት ኣገልገልትን ካልኦት ፍቓደኛታትን ብምትሕብባር ኣብዚ ሰበኻ ናይ ምምሕዳር ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለየ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ከም ዚሳተፉ ይገብር።

ሐ. ንነፍስ ወከፍ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ኣብ ኣገልግሎት ዚውዕሉ ናይ ገንዘብ ኣታውን ወጻእን ቅብሊታት ካልኦት ኣድለይቲ ጽሑፋትን ምስ ላዕለዋይ ናይ ምምሕዳር ሰበኻ ብምዝርራብ ብጊዚኡ ኣቕሪቡ ከም ዝከፋፈል ይገብር።

መ. ዝኾነ ይኹን ናይ ሰበኻ ምምሕዳር በዚ ሕጊ እዚ መሠረት ከም ዝተፈጸመ ምቊጽጻር ይገብር።

ሠ. ኣብ ውሽጢ እቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝርከቡ ናይ ሰበኻ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላትን ናይ ካልኦት ኃለፍትን ምርጫ ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ንኺረግእ የቕርብ ከምኡ እውን ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ተዳልዩ ዝቐረበሉ ናይ ውሽጢ መመሓደሪ ሥርዓትን መምርሕን እማመን ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ጉባኤ ቀሪቡ ምስ ተፈቕደ ናብቲ ኽልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን መሊሱ የመሓላልፍ። ንላዕለዋይ ኣካል ድማ የፍልጥ።

ረ. በብጊዜኡ ናይ ዕለትን ናይ ዘወትርን ናይ ሥራሕ መምርሒ ብምድላው ነናብ ሰበኻኡ እናተዘዋወረ ወንጌል እናሰበኸን እናበሰረን ንምእመናንን ብምንቕቓሕ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ዚደራጆን ከም ዚበራታዕን ይገብር።

ሰ. በብጊዜኡ ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን ዚኸፈል ናይ ገንዘብ ክፍሊት ኣታዊ ከም ዝኾነ ምክትታል ይገብር፡ ናብ ሃገረ ስብከት ዝለኣኽ ገንዘብ ድማ ብጊዜኡ ንሃገረ ስብከት ሰበኻ ቤት ጽሕፈት የረክብ።

ሸ. ዝኾነ ይኹን ወጻኢ ገንዘብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብዝተፍቕደሉ በጀት መሠረት ከም ዝኣቱ፡ ከምኡ እውን ናይ ሕሳብ ኣተሓሕዛን ኣተሓላልዋን በዚ ሕጊ እዚ ኣብ ኣንቀጽ (61) ብዝተዘርዘረ መሠረት ከም ዝተፈጸመ ምቊጽጻር ይገብር።

ቀ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ሥራሕ ኣብ ዘይብሉ ንኡስ ሃገረ ስብከት ናይ ቤተ ክህነት ዋና ጸሓፊ ነቲ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መራሕ ሥራሕ መዝነትን ተግባርን ደሪቡ ይሠርሕ።

# ክፍሊ ኃሙሽተ
# ብደረጃ ክልል ቤተክርስቲያን ዚምስረት
# ሰበካ ጉባኤ
## አንቀጽ 62 ናይ ክልል ቤተክርስቲያን ማኅበረ ምእመናን መንሳዊ ጉባኤ

ናይ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን ምምሕዳር ብካህን ዝምራሕ መሪሕነት ክልል ሰበካ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ይኸውን።

## አንቀጽ 63 ናይ ክልል ሰበካ ጉባኤ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ጉባኤ አመሠራርታን ትካልን

ናይ ነፍስ ወከፍ ቤተክርስቲያን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበካ ጉባኤ እዚ ዝምልከት ትካል ይህልዎ።
ሀ. ናይ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ኣቦ-መንበር ዘለዎ ኣብ ዓመት ክልተ (2) ጊዜ ዝጋባእ፣ ሙሉእ ናይ ቤተክርስቲያን ከባቢ ምእመናን ዚህልውዎ ሓደ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ኣኼባ።
ለ. ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣቦ መንበር ዘለዎ፣ ሓደ ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ናይ ሥራሕ ፈጻሚ ጉባኤ፣
ሐ. ናይቲ ሰበካ መንፈሳዊ ጉባኤ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤተክርስቲያን ቤት ጽሕፈት እዩ።
መ. ናይቲ ሰበካ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ናይቲ ቤተክርስቲያን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ይኸውን፡፡

## አንቀጽ 64 ናይ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ አፈጻጽማ ሥራሕን

1. ናይ ክልል ማኅበረ ምእመናንን ምእመናትን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሰበካ ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት ዘፈጽም ካብቲ ናይቲ ቤተክርስቲያን ሰበካ ዝተፈላለዩ ዞባታትን ሰፈራትን ዝተአከቡ ካህናትን ምእመናንን ዚርከብዎ ካብ 5 ዘይውሕዱ ካብ 7 ዘይበዝሑ ኣባላት ዘለውዎ ኣምራጺ ጉባኤ ይስይም።
2. ንውድድር ዚቐርቡ ሕጹያት ብሕዝቢ ይርቀሑ ንጊዚኡ ድማ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ብድምጺ ንኣባልነት ይመርጹ።
3. እቶም ዝተመርጹ ኣባላት ሰበካ ጉባኤ ዋና ጸሓፍን ናይ ክፍሊ ሥራሕ ኃለፍትን መሪጸም ይምድቡ።
4. ሰበካ ምምሕዳር ጉባኤ ኣጽኒዑ ዓመታዊ ሚዛን ገንዘብ (በጀት) ምስ መደበ ኻኺፍቀድ ደረጃኡ ሓለዩ ንሃገረ ስብከት ክሳብ 30 መስከረም ይሓትት፡፡
5. እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ካብ ምምሕዳር ዝቐረበ ናይቲ ሰበካ ቤተክርስቲያን ናይ ገንዘብን ንብረትን ከምኡውን ናይ ሥራሕ ውጽኢት መግለጺ ኪሰምዕን ኪዝትን ኣከራኻሪ ዝኾነ ነገር ኪጋጥም ከሎ ድማ ብድምጺ ብልጫ ወሲኑ ናብ ዝምልከቶ ላዕለዋይ ኣካል ከማሓላልፍ ይኽእል።
6. ናይዚ ጉባኤ ተጸዋዕነት ደረጃኡ ሓልዩ ንሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን።
7. ናብ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተወከልቲ መሪጹ ይልእኽ።

## አንቀጽ 65 ናይ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን አባላት ምምሕዳር ጉባኤ

ናይ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላት መደብን ብዝሒን ኣመራርጻን ናይ ኣገልግሎት ዘመንን ብዛዕባ ተተካእቲ ኣባላትን ከምኡውን ናይ ምርጫ ምስዓርን ምርጋጽን ዚምልከት ኣብ ታሕቲ ብዝተዘርዘሩ ሕግታት መሠረት ይፍጸም።

## ኣንቀጽ 66 መደብን ብዝሕን ኣባላት ናይ ሰበኻ ጉባኤ

ናይ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላት ብዝኂ ምስ ኣማሓዳሪ ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕዱ ካብ ሸብዓተ ዘይበዝሑ ይኾኑ፡ እዚኦም ድማ ካብ ውሉደ ክህነት 4 (ኣርባዕተ) ኮይኑ፡ ካብኣቶም እቲ ብብዙሕ ድምጺ ዝተመርጸ ካህን፡ ን3(ሰለስተ) ዓመት ኣቦ መንበር ኮይኑ የመሓድር፡፡ ካብ ምእመናን ክልተ፡ ካብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሓደ፡ እቲ ሻብዓይ ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣማሓዳሪ ኣቦ መንበር ይኸውን።

ኣማሓዳሪ ኣብ ዘይተሸመሉ ቤተክርስቲያን እቲ ቀሺ ገበዝ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ። ምክትል ኣቦ መንበር ብሕጊ እቲ ጉባኤ መሠረት ካብቶም ዝተመርጹ ኣባላት ዉልደ ክህነት ወይ ምእመን ዕድምኡ ካብ 30 ዓመት ዘይውሕድ ብቑዕ ክእለት ዘለዎ ይምረጽ።

ከምኡውን ሰበኻ ጉባኤ ማእከልነቱ ሓልዩ ተጸዋዕነቶም ንቤት ጽሕፈት ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ ይኸውን፡፡

## ኣንቀጽ 67 ኣመራርጻ ኣባላት ናይ ውሉደ ክህነት ተመረጽቲ

1. መደበኛ ኣገልገልቲ ውሉደ ክህነት ዝኾኑ ካብ ሰኽራን፡ ካብ ፍቕሪ ገንዘብ፡ ካብ ትዕቢት፡ ካብ ተንኮል ካብ ውዲት፡ ሻራ ዝራሓቑ ግብረ ገብነቶምን ትሕትናኦምን ዝተመስከረሎም።

2. ንኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ንጸሎት ዚነቕሑ፡ ንስብከተ ወንጌል ዚተግሁ፡

3. ብጉድለት ገንዘብ ተኸሲሶም ብጉባኤ ዘይተበየነሎም፡ ብፍርዲ ቤት ብገበን ዘይተፈርዱ ኪኾኑ ኣለዎም።



## ኣንቀጽ 68 መምዘኒ ተመረጽቲ ምእመናን

1. ሥጋኡን ደሙን ዝተቐበሉ ሰዓብቲ እምነት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ዝኾኑ፡ ብኣባልነት ዝተመዝገቡ፡ ዚግብኦም ክፍሊት ዝኸፍሉ ይኾኑ፡፡

2. ንቤተክርስቲያን ዘለዎም ተገዳስነት ብተግባር ዘርኣዩ፡፡

3. ኣተሓሳስብኦም ብፍቕሪ ንዋይ፡ ብሥጋዊ ጥቕምን፡ ብዓሌትን፡ ብህርፋን ሥልጣንን ዘይተዓብለሉ፡፡

4. ካብ ተንኮል ካብ ሻራ፡ ካብ ሰኽራን፡ ካብ ፍቕሪ ንዋይ ዝረሓቑ ብግብረ ገብነቶምን ትሕትናኦምን ዝተመስከረሎም፡፡

5. ኣብቲ ከባቢ ነበርቲ ዝኾኑ፡ ዕድሚኦም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ምእመናንን ምእመናትን ይምረጹ። ካብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ግና ዕድሚኡ/ኣ ካብ 18-25 ዓመት ዝኾነ/ት ይምረጽ፡ ኣብ ምምራጽ ኣባላት ናይ ጾታ ፍልልይ ኣይግበርን ዕድሚኡ/ኣ ካብ 18-24 ዓመት ዝኾነ/ት ኣታዊ ሃልይዎ/ዋ ዚግባእ ንቤተክርስቲያን ዝኸፈለ/ት ይምረጽ ትምረጽ። ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኡ/ኣ ግድን ክኸፍል/ ክትከፍል ይግባእ እንተ ዘይከፈለ/ት ግና ንምርጫ ኣይቀርብን/ ኣይትቐርብን፡፡

## ኣንቀጽ 69 ዘመን ኣገልግሎት ተመረጽቲ ኣባላት

ሀ. ብመሰረት ኣንቀጽ 66 ዝተመርጸ ኣቦ መንበር፡ ካህን ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሓሉ ጊዜ 3 (ሰለስተ) ዓመት ኢዩ፡፡

ለ. ንኣባልነት ዝተመርጸ ካህን ወይ ምእመን ካብ ዝተመርጸሉ ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሓሉ ጊዜ ሠለስተ ዓመት ይኸውን፡፡ እቲ ጽቡቕ ኣገልግሎት ዘበርከተ ኣባል እናተራእየ ሕጹይ ኮይኑ ብምቕራብ ከም ብሓድሽ ኪምረጽ ይከኣል፡ እንተኾነ ካብ ክልተ ጊዜ ንላዕሊ ብተኸታታሊ ኪምረጽ ኣይከኣልን፡፡ ሓደ ሓደ ናይ ምርጫ ጊዜ እናሓለፈ ግና ኪምረጽ ይከኣል።

ሐ. ኣብ ሥራሕ ዘለዉ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ናይ ሥራሕ

ጊዜኦም ቅድሚ ምውድኡ እንተወሓደ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ናይ ሓደስቲ ኣባላት ምርጫ ይፍጸም፡፡ ነገር ግን እቶም ሓደስቲ ኣባላት ሥርሖም ዝጅምሩሉ እቶም ኣብ ሥራሕ ዘለዉ ኣባላት ናይ ሥራሕ ጊዜኦም ምስ ኣብቀዐ እዩ፡፡

## ኣንቀጽ 70 ተተካእቲ ኣባላት

ሓደ ኣባል ናይ ሥራሕ ጊዜኡ ቅድሚ ምውድኡ ብሞት ወይ ብናይ ሥራሕ ቅያር ምኽንያት ወይ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ዝተዘርዘሩን ኣንቀጻት ኣማሊኡ ብዘይምርካቡ እቲ ቦታ ክፉት እንተ ድኣ ኮይኑ ኣብቲ ዝሓለፈ ምርጫ ካብቶም ዝተመርጹ ኣባላት ቀጺሉ ዝበዝሓ ድምጺ ዝረኸበ ኣባል ኮይኑ ኣብቲ ክፍቲ ቦታ ይትካእ። ነዚ ዝትክእ ኣባል እንተ ዘይተረኺቡ ግና ብማኅበረ ምእመናን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ብድምጺ ብልጫ ተመሪጹ ነቲ ዝተባህለ ቦታ ወይ መደብ ብኣባልነት ክም ዚትካእ ይግብር፡፡ እቲ ተተካኢ ኣባል ዘገልግለሉ ድማ ናይቲ ዘመን ምርጫ ክሳብ ዚፍጸም ይኸውን።

## ኣንቀጽ 71 ምርጋእ ወይ ምስዓር ምርጫ

ሀ. ኣብ ክልል ቤተክርስቲያን ኮነ ኣብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ ጉባኤ ዚፍጸም ምርጫ ኵሉ በቶም መራሕቲ ሥራሕ ናብቲ ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ቀሪቡ ይረጋእ።

ለ. እቲ ጳጳስ ነቲ ኣፈጻጽማ ምርጫ ትኽክል ኮይኑ እንተዘይረኸቦ ግና ነቲ ምርጫ ኪመሓይሽ ወይ ኪስርዝ ሥልጣን ኣለዎ።

ሐ. ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ተመሪጾም ሥርሖም ምስ ጀመሩ ገንዘብ እንተ ኣጥፍኡ ወይ ካልእ ገበን እንተፈጸሙ እቲ ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ ኪስዕሮምን ካብ ኣባልነት ኪውርዶም ሥልጣን ኣለዎ።



## ኣንቀጽ 72 መዝነትን ተግባርን ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ

ኣቐዲሙ ዝተዘርዘረ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመ ብተወሳኺ ናይ ከባቢ ቤተክርስቲያን ሰበኻ ጉባኤ መንፈሳዊ ምምሕዳር እዚ ዝስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ሕጊ ቤተክርስቲያን ብዚፈቕዶ መሰረት ናይቲ ቤተክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ይሕሉ፡፡ እዚ ናይ ምምሕዳር ጉባኤ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ ይእከብ።
2. ብዛዕባ ንዋየ ቅድሳትን ቅርስታትን ኣታሓላልዋ መጻሕፍትን እናዘተየ ይውስን።
3. ንምሥጢረ ቤተክርስቲያን ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ዚምልከት ጉዳይ ኪጋጥም ከሎ ብናይ ካህናት ፍሉይ ጉባኤ ምስ ተመርመረ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኽበ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ላዕለዋይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ክም ዚቐርብ ይገብር።
4. ብዛዕባ ምምሕዳር ካህናት እናጽንዐ ብይን ይህብ ነቲ ብያኔኡ ከኣ ንንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የፍልጥ።
5. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝሃቦ መምርሒ መሠረት ናይዚ ሕጊ'ዚ ዕላማ ዝተሓለወ ኮይኑ ብስም እቲ ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን፡-
   ሀ. ይኸስስ፡ ይኽሰስ።
   ለ. ውዕል ምውዕዓል ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዚረኽቦ ድማ ንላዕለዋይ ኣካል ኣፍሊጡ ምስ ኣርግአ ይወዓዓል።
6. በዚ ሕጊ እዚ ብዝተርዘረ መሠረት ናይ ሰባኻ ምእመናን ዚኸፍልዎ ክፍሊትን ሓፈሻዊ ኣታውን ናብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ባንኪ ሕሳብ ኣታዊ ይገብር።
7. በብጊዜኡ ካብ ቤት ጽሕፈት እቲ ቤተክርስቲያን ናይ ዝቐረበ ናይ ሥራሕ መግለጺ እናመርመረ ውሳኔ ይህብ፡ ናይቲ

ሰበኻ ተቖጻጻሪ ዘቕረቦ ናይ ሕሳብ መርመራ መግለጺ ሰሚዑ ድማ ውሳኔ የመሓላልፍ፣

8. ናይቲ ሰበኻ ክፍሊ ምቍጽጻር ነቲ ሕሳብ ምምርማርን

ኣካል ወይ ከኣ ከም ኣድላዪነቱ ካብ ካልእ ቦታ ናይ ምቍጽጻር ሓገዝ ብምሕታት ከመርምር ይኽእል።

9. ናይ ክልል ሰበኻ መንፈሳዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ናይ ቤተክርስቲያን ምምሕዳር ኣመራርሓን ትካልን ነዚ መሠረታዊ ሕግን ሥርዓትን ከይለቐቐ ዚመሓየሸሉን ኣብ ሥራሕ ኪውዕል

ይኽእል።

ናይ ሥራሕ ክፍልታትን ይምሥረት፣

11. ናይዚ ሕጊ እዚ መሠረታዊ ሓሳብ ከይለቐቐ እቲ ናይቲ ቤተክርስቲያን ሰበኻ ዘድልዩ ናይ ውሽጢ ምምሕዳር ሕጊ መምርሕን እማመን ኣዳልዩ ናይቲ ከባቢ ማኀበር ምእመናን

ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ የቕርብ።

12. በቲ ዝተፈቕደ ውሽጣዊ መመሓደሪ ሕጊ መምርሕን እማመን መሠረት ንዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ዝርዝር ናይ ሥራሕ መምርሕን መርሃ ግብርን የዳሉ ኣፈጻጽምኡ ድማ ይቆጻጸር።

ጉባኤ ዝተወከሉ ልኡኻት ናይ ከባቢ ቤተክርስቲያን ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላት ቍጽሪ ካብ 7 እንተደኣ ውሒዱ መተካእታኦም ተጠባበቕቲ/ ካልእ ኣባላት ይትክእ።

14. ናይዚ ጉባኤ እዚ ተጸዋዕነት ደረጃኡ ሓልዩ ንሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን።



## ኣንቀጽ 73 ናይ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ መዝን ተግባርን

በዚ ሕጊ እዚ ዝተመልከተ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻም እቲ ኣመሓዳሪ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ

1. ናይ ቤተክርስቲያን ኣመሓዳሪ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዋና ኣፈጻሚ ሥራሕ ብምዃን በዚ ሕጊ እዝን ነዚ ሕጊ እዚ ተመርኲሱን ብዝወጽእ ውሽጣዊ ሥርዓት መሠረት ብዛዕባ ማኀበረ ምእመናን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ብዛዕባ ምምሕዳር ጉባኤ ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ብሓፈሻኡ ኣብ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ንዘሎ ምምሕዳር ኃላፍን ተጸዋዕን እዩ።

2. ኣብዚ ኣንቀጽ እዚ ብንኡስ ኣንቀጽ 1 ዝተመልከተ ከምዘለዎ ኮይኑ፣

ሀ. ብዛዕባ ምምሕዳር ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ሰበኻ ምምሕዳር ይመርሕ፣

ለ. ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ምስ ሓላፊ መንፈሳዊ ትምህርቲ መንበረ ፓትርያርክ ብምምኻር ብመንፈሳውን ብዘመናውን ብቕዓት ዘለዎ መሪጹ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣብቲ ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ ኣቕሪቡ ከም ዝምደብ ይገብር። ኣብ ውሽጢ እቲ ሰበኻ ትምህርቲ ስብከት ወንጌል፣ ናይ ካህናት ኣገልግሎት ቤተ ትምህርቲ ሰንበት፣ ናይ ግብረ ሠናይ ማኀበራዊ ጉዳይን ኣገልግሎትን በቲ ዘሎ ሕግን ሥርዓትን መሠረት ከም ዚምሥረትን ብትኽክል ኣብ ሥራሕ ከም ዚውዕልን ከም ዜስፋሕፍሕን ግቡእ ጻዕርን ምቍጽጻርን ይገብር ናይ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ሥርሓት ድማ የተሓባብርን ይፍጽምን ከም ዚፍጸም ይገብርን።

ሐ. ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣገልገልትን ካህናትን ምእመናንን ናይ መንነት ወረቐት ከም ዘለዎምን ኣብ ውሽጢ ሰበኻ ዚነብሩ ምእመናን ከም ዝተመዝገቡ ናይ ጥምቀተ ክርስትና

ናይ ሥርዓተ መርዓ ናይ ምዉታን መዝገብን ተመዲቡ ዚሥርሓሉ ምኽኑ የረጋግጽ።

መ. ናይቲ ቤተክርስቲያን ኣታዊ ገንዘብ ብትኽክል ኪእከብ ዝኾነ ይኹን ብሕጊ ዝተፈቕደ ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብትን ንብረትን ኪሕሉ ብጉባኤ ምምሕዳር ዝተጸንዐ ብዝተወሰነ መሠረት ኣብ ግቡእ ሥራሕ ከም ዚውዕል ይገብር።

ሠ. ናይቲ ቤተክርስቲያን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ኣመዳድባ (በጀት) ተዳለዩ ናብ ምምሕዳር ጉባኤ ቀሪቡ፣ ናይ ምምሕዳር ጉባኤ ድማ ኣጽኒዑ ናብቲ ናይቲ ሰበኻ ምእመናንን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ቐሪቡ ምስ ኣመነሉ ካብ ላዕሊ ብዝተፈቕዶ መሠረት፣ ዓመታዊ ሚዛን ገንዘብ ባጀት ዝኾነ ይኹን ወጻእን ብምእዛዝ ከም ዚሥራሓሉ ይገብር።

ረ. በዚ ሕጊ መሠረት ካብ ላዕለዋይ ኣካል ምስ ተፈቕደ፣ ናይቲ ውዕል ረቂቕ ድማ ብጉባኤ ምምሕዳር ምስ ጸደቀ፣ ምስ ምክትል ኣቦ መንበር ኮይኑ ብስም እቲ ቤተክርስቲያን ውዕል ተዋዓዒሉ ይፈራረም።

ሰ. ናይ ምምሕዳር ጉባኤ ምእንቲ ኪእከቡ መጸዋዕታ የመሓላልፍ። ብጉባኤ ብዝተዋህበ ብይን መሠረት ኪሥረሓሉ ንኣፈጻጽምኡ ምቍጽጻር ይገብር።

ሸ. ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላትን ናይ ዋና ጸሓፍን ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ክፍሊ ሓለፍትን ምርጫ ምእንቲ ኪረግኣሉ ናብ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ።

ቀ. እቲ ኣመሓዳሪ ብስም እቲ ሰበኻ ቤተክርስቲያን ምምሕዳር ጉባኤ ብዛዕባ ኵነታት ናይቲ ሰበኻ ካህናትን ምእመናንን ብዛዕባ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያንን ብዛዕባ ገንዘብን ንብረትን ከምኡ እውን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ መግለጺ ናብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርብ። ናይቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳኔ ድማ ናብ ንኡስ ሃገረ



ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ የመሓላልፍ።

በ. ብዘይካ'ዚ ድማ በዚ ሕጊ እዚ መምርሒ ዝተወሰነሉ ተግባር ኵሉ ይፍጽም፡፡

ተ. ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ-መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ እቲ ምክትል ኣቦ መንበር ሥልጣነ ክህነት ዘይብሉ እንተ ደኣ ኾይኑ፣ ብጀካ ንምሥጢራተ ቤተክርስቲያን ዚምልከት፣ ናይ ኣቦ-መንበር ተግባር ይፍጽም፡፡

## ምዕራፍ ሾብዓተ (7)

## መንፈሳዊ መዓርጋት

### ኣንቀጽ 74 ኣሰያይማ መዓርገ ዲቁና

መዓርገ ዲቁና ኪቕበል ዝግብኦ ተመሃራይ፣ ዓጸዌ ሆኅት ኣናጉንስጢስ መዘምር፣ ንፍቀ ዲያቆን ኮይኑ ብናይ ሰለስተ ዓመት ተመክሮ ብግቡእ ቤተክርስቲያን ዘገልገለ፣ ሥርዓተ ቤተክርስቲያን ዘጠናቐቐን ሙያ ግብረ ዲቁና ዝተማህረን ግዕዝን ትግርኛን ብግቡእን ብዘረድእን ዜንብብ፣ እሩም ዚጠባዩ ኣብ 1ጢሞ.3፡8-11 ዘሎ ዘማልአ፡፡ ብዘመናዊ ትምህርቲ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ማእከላይ ደረጃ ዘይትሕት ዝተማህረ ኪኸውን ኣለዎ፡፡ ዕድሚኡ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ኮይኑ ብድንግልና ይኹን ብቓል ኪዳን ዝተመርዓወ፣ ብገበን ተኸሲሱ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ኮይኑ ዘይተረኽበ፣ መዓርገ ዲቁና ኪሸየም ይኽእል።

### ኣንቀጽ 75 ኣሠያይማ መዓርገ ክህነት

ንመዓርገ ክህነት ሕጹይ ኮይኑ ዚቐርብ ዲያቆን፣ ወኢ.ይ ኩን ኣሓዱሂ ቀሲስ ዘኢ.ያኣምር ነገረ መጻሕፍት ኣምላካውያን ሠናያት ወፈድፋደሰ ኣርባዕቱ ወንጌላት ብዚብሎ መሠረት ግዕዝ ኣንቢቡ ብትግርኛ ብምትርጓም ንምእመናን ዜረድእ፣ ሥርዓተ ቅዳሴ

ብግዕዝን ዕዝልን ዘዝይም፣ ኪዳናት መስተብቍዓት፣ ሊጦናት፣ ዘይነግሥ፣ ኣሥርቆት፣ ኃምስቱ ኣእማደ ምሥጢር፣ ነገረ መለኮት፣ ሰብዓቱ ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን ዚፈልጥ፣ እሩም ዝጠባዩ ብሥነ-ሥርዓት ዚመላለስ ማለት ዘይሕሱ፣ ገጽ ሰብ ርእዩ ዘየዳግም፣ ዘይዋቓዕ፣ መስተ ዘየብዝሕ፣ ሻራ ዘየልዕል፣ ንጹሕ፣ ሕያዋይ፣ ቀጻዕ ሰብነቱ ካብ ኩሉ ነገር ሰብነቱ ዚዕቅብ ንምምዓድ ዚግደስ ብትምህርቲ ወንጌል ሕዙናት ዜጸናንዕ ኣብ 1 ጢሞ.3፡2-11 ቲቶ.1፡6-9 ዝተጠቕሰ ትእዛዝ ዝፈጸመን ብማኅበረ ምእመናን ተመሪጹ ዝቐረበን ካብ ካልኣይ ደረጃ ዘይትሕት ዘመናዊ ትምህርቲ ዝተማሀረን ዕድሚኡ ብዝተኻእለ መጠን ካብ 30 ዓመት ዘይውሕድን ብገበን ተኸሲሱ ገበነኛ ኮይኑ ዘይተረኽበ ብበዓልቲ ቃል ኪዳኑ መጸምርቲ ፍቓድ ዝረኸበ ይኸውን።

## አንቀጽ 76 መዓርገ ክህነት ዘስዕር ወይ ብቀኖና ዜቕጽዕ ኣበሳ

### ሀ. ካብ መዓርግ ዜስዕር

ዝዘመወ፣ መማለዲ ሂቡ ዝተሸመ፣ ሰበይቱ ዝፈትሐ፣ ንስሓ ምእመናን ዘይቅበል፣ ክልተ ጊዜ ክህነት ዝተሸመ፣ ብሓሶት ዝመሓለን ዝመስከረን፣ ዚሰክር፣ ገንዘቡ ብሓረጣ ዘለቅሐ፣ ዚዋቓዕ፣ ዚጥንቁል ዘጠንቁል፣ ኣብ ካልእ እምነት ከይዱ ዝተጠምቀ፣ ኪሰርቕ ዚተረኽበ፣ ሕይወቱ ንምጥፋእ ዝሃቀነ፣ ኣካሉ ባዕሉ ዘጕደለን ፈቲሑ ካልኣይቲ ሰበይቲ ንዜእቱ ሰብ ዝባረኸ ክልተ ኣኅዋት ንዘእተወ ወይ ሰበይቲ ኃው ንዝወርስ ወይ ኃው ሰብኣያ ሓሙታ ንዘእተወት ዝባረኸ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ብገበን ዝተፈርደ።

### ለ. ብቀኖና ዘቕጽዑ በደላት

ድካታት ኪርድኡ ዚቃወም፣ ዜጣቀሱ፣ ዝዕበ፣ ንሕጊ ፈሊጡ ዘይሰርሓሉ ብዛዕባ መንፈሳዊ ጉዳይ ቤተክርስቲያን ብዚምልከት



ንኤጲስቆጶስ ከይፍቀደ ናብ ካልእ ዝኸደ፣ ትእዛዝ ኤጲስቆጶስ ዝጠሓሰ፣ ዝኣበየ፣ ሕሉቅ ዝበልዐ፣ ዚጻረፍ።

## አንቀጽ 77 ኣገባብ ኣመራርጻ ኤጲስቆጶስ

ሀ. ኣምራጺ ኮሚቴ ካብ ውሽጢ ቅዱስ ሲኖዶስ ኮይኑ ብዝሒ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወሰኖ ይኸውን።

ለ. ኣብ ናይ ሓደ ቦታ ኤጲስቆጶስ 3 ሰብ ይወዳደሩ፣

ሐ. ብዝሒ መረጽቲ ብሲኖዶስ ይውሰን። ካብ ሃገረ ስብከት ካብ 5 ዘርፍታት ማለት ካብ ካህናት፣ ካብ ሊቃውንቲ፣ ካብ ምእመናን፣ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት፣ ኣድመጽቲ ተመሪጾም ይቐርቡ። ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስን ናይ ገዳማት ኣበምኔታትን ብላዕሊ ይኸውን።

መ. ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ብዝሒ መረጽቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ይውስን።

ሠ. ኣመራርጻ ድማ ብምሥጢር ይኸውን።

## አንቀጽ 78 ናብ መዓርግ ኤጲስቆጶስ ዘብቅዕ መምዘኒ

ሀ. ብትውልዱ ኤርትራዊ ዝኾነ።

ለ. ብሃይማኖቱ ተዋህዶ ኦርቶዶክስ።

ሐ. ብድንግልና ዝመንኮሰ።

መ. ድሕሪ ምንኩስናኡ እንተወሓደ ን10 ዓመት ኣብ ገዳም ዘገልገለን ናይ ሥራሕ ፍረ ዘበርከተን፣ ድሕሪ ናይ 5 ዓመት ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምቕጻል እንተ ኸደ ግና ከም ዘሎ ይሕሰበሉ።

ሠ. ብትምህርቲ ሃይማኖት ወይ ድማ ብነገረ መለኮት ፍልጠት ዘለዎም ሕጊ ቤተክርስቲያን ኣጸቢቑ ዚፈልጥን ካብ መሰልጠኒ ካህናት ምስክር ወረቐት ዝሓዘ ወይ ከኣ ናይ ተመክሮ ክእለት ዘለዎ።

ረ. ብሥነ ምግባር ዝተመስገነ፣ ጥዑይን ጐደሎ አካልን ዘይኮነ፣
ሰ. ዕድሚኡ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ፣
ሸ. ናይ ምምሕዳር ልምድን ክእለትን ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ገዳም ከሎ ከም ሊቀ ረድእ፣ መጋቢ፣ ገበዝ ወይ ኣበምኔት ብምዃን ዘበርከቶ ናይ ሥራሕ ፍረ ኣብ ግምት ይኣቱ።

## ኣንቀጽ 79 ኣሰያይማ ኤጲስቆጶስ

ምርጫ ኤጲስቆጶስ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ብፓትርያርክ ተቐቢኡ ይሽየም፡፡ ቃለ ማሕላ ብምፍጻም ኸኣ መንበሩ ይርከብ።

## ኣንቀጽ 80 መዝን ተግባርን ኤጲስቆጶስ

ሀ. ናይታ ሃገረ ስብከት ናይ መንበረ ጵጵስና ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኃላፊ ኮይኑ ይመርሕን የመሓድርን፣
ለ. ናይ ገዳማት ኣበምኔታት ከምቲ ሕጊ ገዳም መሰረት ተመሪጾም ምስ ተሸሙ የጽድቖሎም
ሐ. ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባል እዩ።
መ. ኣብ ኣንቀጽ 56 ዝተዘርዘሩ ይፍጽምን የፈጽምን
ሠ. ሓድሽ ቤተክርስቲያን ምስ ተሓንጸ ባዕሉ ወይ ድማ ንሱ ዝወከሎ ሥርዓተ ምቕባእ ይፍጽም።

## ኣንቀጽ 81 ካብ መዓርግ ምውራድ

ኤጵስቆጶስ ካብ ማዕርግ ኪወርድ ከሎ በቲ ኣብ ኣንቀጽ 93 ዝተመልከተ ኣገባብ ካብ መዓርግ ይወርድ።



## ኣንቀጽ 82 ኤጲስቆጶስ ኪገብሮ ዚግባእን ካብ ስራሕ ዜዕርፈሉን ጊዜን ዕረፍቱን

ሀ. ብናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ፍቓድ እንተ ዘይኮይኑ ካብ ሃገረ ስብከቱ ወጻኢ ካብ 15 መዓልቲ ንላዕሊ ኪጸንሕ ኣይፍቀድን፡፡
ለ. ፍረ ሥርሑ (ጸብጻብ) ኣብ ዓመት 2 ጊዜ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ የቕርብ፡፡
ሐ. ኣብ ጊዜ ዕረፍቱ (ሞቱ) ኣብ ሃገረ ስብከቱ ይቕበር፡፡ ኣገዳሲ ኩነታት እንተኣጋጠመ ግና ብናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ፍቓድ ኣብ ካልእ ቦታ ይፍጸም፡፡ እታ ሃገረ ስብከቱ ድማ ግቡእ መሰሉ ተማልኣሉ።
መ. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ናይ ጵጵስና መዓርጉ ብፍቓዱ ኪሓድግ ኣይፍቀድን፡፡
ሠ. ካብታ ዝተሸመላ ዕለት ጀሚሩ ዘጥረዮ ዝኾነ ይኹን ሃብትን ንብረትን ናይ ሃገረ ስብከቱ ሃብቲ ይኸውን።
ረ. ኵሉ ጻዕሩን ሥርሑን ንሃገረ ስብከቱ ድኣ ይኸውን እምበር ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብ ሃገረ ስብከቱ ወጻኢ ትካላት ከቕውም ኣይፍቕደሉን።

## ኣንቀጽ 83 ፓትርያርክ

ፓትርያርክ ማለት ርእሰ ኣበው ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ማለት እዩ።

## ኣንቀጽ 84 ኣገባብ ኣመራርጻ ፓትርያርክ

ናይ ኣማራጺ ኮሚቴ ኣባላት ብዝሒ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ መምርሒ ይውሰን፡፡

## ኣንቀጽ 85 ንፓትርያርክ ዘብቅዕ መምዘኒ

ኣብ ርእሲ'ቲ ኤጲስቆጶስ ኪምረጽ ከሎ ዘማልኦ ነጥብታት ማለት ኣብ ኣንቀጽ 78 ዝተጠቕሰ

ሀ. ጳጳስ ዝኾነ።

ለ. ሕጊ ዲዲስቅያል ከም ዚፈቕዶ፣ ዕድሚኡ ካብ ሓምሳ ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ።

## ኣንቀጽ 86 መዝን ተግባርን ኣምራጺ ኮሚቴ

1. ክካብ ሃገረ ስብከቶም ቦታኦምን ተመሪጾም ምስ መጹ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተክርስቲያን ኲሎም ጳጳሳት ኣብ ዘለውሉ ቃለ ማሕላ ይፍጽሙ ብናይ ሓደ ሰሙን ሱባኤ ጾምን ጸሎትን ድማ ሥርሖም የካይዱ።
2. ካብ ማእከሎም ኣቦ መንበርን ጸሓፊኦምን ይመርጹ፣
3. ቅኑዕን ሓቀኛን ምርጫ ንክካየድ ይጽዕሩን ይቆጻጸሩን
4. ንፓትርያርክነት (3) ሠለስተ ሕጹያት ረቝሖም ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት የፈጽሙ፡፡

## ኣንቀጽ 87 ኣባል ኣምራጺ ኮሚቴ ክማልኦም ዘለዎ ነጥብታት

1. ቅዱስ ቊርባን ዝተቐበሉ (ቆረብቲ) ዝኾኑ።
2. ዕድሚኦም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ።
3. ብሥነ-ምግባሮምን ፍልጠቶምን ነዚ ተግባር እዚ ብቑዓት ምዃኖም ዝተመስከረሎም።
4. ብዝኾነ ይኹን ገበን ተኸሲሶም ብቤት ፍርዲ ዘይተፈርዶም ይኾኑ።



## ኣንቀጽ 88 ቊጽሪ መረጽቲ ኣባላት

ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ንምምራጽ ዝውከሉ ሰባት ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባላትን፣ ኣበምኔታት ገዳማት ኤርትራ ብሙሉኦቶምን ኮይኑ ካልእ ምውሳኽ ኣድላዪ ኮይኑ እንተተረኺቡ ክካብ ሃገረ ስብከቱ ዝውከሉ ቊጽሮም ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝወሰኖ ይኸውን፡፡

## ኣንቀጽ 89 ኣብ ምርጫ ፓትርያርክ ላዕለዋይ ተቆጻጻሪ

ሀ. ኣብ ሥነ-ሥርዓት ምርጫ ፓትርያርክ ላዕለዋይ ተቆጻጻርን ጥርዓን ተመልኪቱ ዚብይንን ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ።

ለ. ሲኖዶስ ዝሃቦ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ እዩ።

ሐ. ጥርዓን ምስ ቀረበ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ይፍጸም።

መ. ብዛዕባ ሕጹያት ተመረጽቲ ዚምልከት ጥርዓን፣ እንተ ኾይኑ ቅድሚ ናይ ምርጫ መዓልቲ ኣስማት ተመረጽትን ስእሎምን ካብ ዝተገልጸሉ ዕለት ክሳብ 2 መዓልቲ ኣብ ዘሎ ጊዜ ኪቐርብ ይኽእል።

ሠ. ብዛዕባ ጉድለት ኣፈጻጽማ ምርጫ ዚቐርብ ጥርዓን እቲ ድምጺ ተቖጺሩ ክሳብ ዝፍጸም ኪቐርብ ይኽእል፣ ስም እቲ ምሩጽ ምስ ተገልጸ ዚቐርብ ጥርዓን ግና ተቐባልነት የብሉን።

## ኣንቀጽ 90 ዝተመርጸ ፓትርያርክ

ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት ተፈጺሙ፣ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ እቲ ዝተመርጸ ፓትርያርክ ቃል ማሕላ ብምፍጻም መንበሩ ይርከብ።

## ኣንቀጽ 91 ስመ መዓርገ ፓትርያርክ

እቲ ፓትርያርክ ካብ ዝተሰየመሉ ዕለይ ጀሚሩ ብፁዕ ወቅዱስ ይበሃል። ስሙ ድማ ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ብጸሎት ይዝከር።

## ኣንቀጽ 92 ናይ ፓትርያርክ መዝነ ተግባርን

ሀ. እቲ ፓትርያርክ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኃላፊ ብምዃን ናይ ሃይማኖት መሠረትን ሥርዓት ቤተክርስቲያንን ይሕሉን ከም ዚሕሎ ይገብርን። ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቦ መንበር ኮይኑ ጉባኤ ይመርሕ፣ ብሓፈሻ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዘለዋ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ኣቦ እዩ።

ለ. እቲ ፓትርያርክ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን ኤርትራ ሃገረ ስብከትን ኣብ ወፃኢ ንዚሽየሙ ጳጳሳትን፣ ኤጲስቆጶሳትን መንፈሳዊ ፍትሒ ኣንቀጽ 5 ብዚእዝዞ መሠረት ምስ ሲኖዶስ ኮይኑ ይሸይም።

ሐ. ቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተሰማምዓሉ ንብፁዓን ጳጳሳት ናይ ሊቀ ጵጵስና መዓርግ ናይ ምሃብ ሥልጣን ናይቲ ቅዱስ ፓትርያርክ እዩ።

መ. ብዛዕባ ጉዳይ ቤተክርስቲያን ናይ መንግሥቲ ፍቓድ ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ብዚግባእ ኩነታት የሓትት፤፤ ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ውሳኔ ዘድሊ ኮይኑ እንተ ተረኺበውን ንቅዱስ ሲኖዶስ ኣኪቡ ብምብያን በቲ ብያኔ መሠረት ከም ዝፍጸም ይገብር።

ሠ. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያንን መንፈሳውያን ትካላትን ብዛዕባ ዝተገብረ ርክብ ምስ ቅዱስ ሲኖዶስ ኮይኑ ይብይን።



ረ. ናይ ቅዱስ ፓትርያርክ መንበር ኣብ ከተማ ኣሥመራ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተክርስቲያን እዩ።

ሰ. ናይ ቤተ ክርስቲያን ሃብትን ንብረትን ብጥንቃቐ ይሕሉ፣ ከም ዚሕሎ ድማ ይገብር።

## ኣንቀጽ 93 ካብ መዓርግ ምውራድ

እቲ ፓትርያርክ ንሃይማኖት ተዋሕዶ ኮነ ንትምህርተ መለኮት ዘፋልስ፣ ሕጊ ቤተክርስቲያን ዘይሕሉ፣ መዓርጉ ዘጽርፍ ኮይኑ እንተ ተረኺበ ብሲኖዶስ ምስ ተጸንዐ ብናይ ሲኖዶስ ውሳኔ ካብ መዓርጉ ከም ዚወርድ ይግበር። ካብ መዓርጉ ቅድሚ ምውራዱ ግና ምእንቲ መሰሉ ኪከራኸር መሰሉ ሕልው እዩ። ብተወሳኺ እቲ ፓትርያርክ ናይ ምሕሳብ ክእለቱ እንተ ደኺሙ ምዝራብ ዘይክእል እንተኾይኑ ሓካይምን ፍርቂ ናይ ሲኖዶስ ኣባላት ዘይምኽኣሉ እንተኣሚኖም ወይ ፍርቂ ኣባላት ሲኖዶስ ይገበር ኢሎም እንተ ሓቲቶም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት እምቢ እንተ በለ ካብ መዓርጉ ከም ዚወርድ ይግበር።

## ኣንቀጽ 94 ዓቃቤ መንበር

ፓትርያርክ ካብ ሥልጣን እንተ ወረደ ወይ ከኣ እንተ ሞተ ካብ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ሓደ ኣባል ብሲኖዶስ ተመሪጹ ኣቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ይሸየም።

## ኣንቀጽ 95 መዝነ ተግባርን ዓቃቤ መንበር

ሀ. ኃላፍነት እቲ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ፣ ክሳብ ፓትርያርክ ዚሽየም እቲ ዝነበረ ተሓልዩ ከም ዚጸንሕ ምግባር እዩ። ምሻም፣ ምውራድ፣ ምውሳኽ፣ ኮነ ምንካይ ወይ ካብቲ

ዝነበረ ሓሊፉ ሓድሽ ሥርዓት ምውፃእ ኣይክእልን እዩ።

ለ. ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ብኣምራጺ (ረቋሒ) ኮሚቴ ንምርጫ ተወዳዳሪ እንተ ኮይኑ ግና ቅዱስ ሲኖዶስ ካልእ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ብህጹጽ ይትክእ።

ሐ. እቲ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ፡ ክሳብ እቲ ንፓትርያርክነት ዝተመርጸ ሥርዓተ ሽመትን፡ ሥርዓተ ማሕላን ፈጺሙ መንበሩ ዚርከብን ጥራይ፡ ከም ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ከገልግል ይጸንሕ።

## ኣንቀጽ 96 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ኣማሓዳሪ መዝን ተግባርን

1. ብመንፈሳውነቱን ብትምህርቱን ናይ ምምሕዳር ክእለቱን ተኣሚኑሉ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተሾመ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ኣማሓዳሪ ብዛዕባ ምምሕዳራዊ ኣብያተ ክርስቲያንን በብግዜኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝወሃብ መምርሒታትን ትእዛዛትን ይፍጽምን የፈጽምን ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ከምዝመሓላለፍ ይገብርን ይቆጻጸርን፡፡

2. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዚቐርብ ሕቶታት ድማ ከከም ኣድላይነቱ ምስ ፓትርያርክ ብምምኽኻር ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ከም ዝቐርብ ይገብር፡፡

3. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ቤት ጽሕፈትን ኣብኡ ዝርከቡ ክፍልታት ሥራሕን የተሓባብርን ይመርሕን፡፡

4. ብነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከት በብዓይነቱ ናይ ቤተክርስቲያን ሥራሕን ንኻልእ ዝኸውንን ተጸኒዑ ዝቐርብ ዓመታዊ በጀት ምስ ቅዱስ ፓትርያርክ ብምምኽኻር ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቕሪቡ ከም ዝፍቀደሉ ይገብር፡፡

5. ብዛዕባ ሥራሕ መንበረ ፓትርያርክ ዚገልጽ ዓመታዊ ጸብጻብ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቕሪቡ ከም ዝውሰን ይገብር፡፡



6. ሓፈሻዊ ምምሕዳራዊ መንበረ ፓትርያርክን ናይ ክፍሊ ሥራሕትን ይመርሕ፡፡

7. ዋና ኣማሓዳሪ ነዚ ኵሉ ሥርሓቱ ዝሕግዞ ሓደ ጸሓፊ ወይ ተሓጋጋዚ መሪጹ ይሸይም፡፡

8. ዋና ጸሓፊ ወይ ተሓጋጋዚ ዋና ኣማሓዳሪ መንበረ ፓትርያርክ፡ ዋና ኣማሓዳሪ ኣብ ዝህልወሉ ተሓጋጋዚ ኮይኑ፡ ዋና ኣማሓዳሪ ኣብ ዘይህልወሉ ድማ ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ፡፡

# ምዕራፍ ሸሞንተ (8) ማእከልነት

## ኣንቀጽ 97 ሓፈሻዊ ሃብቲ ቤተክርስቲያን

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሓፈሻዊ ሃብትን ንብረትን ብማእከልነት ትጥቀምን ትምራሕን።

## ኣንቀጽ 98 ምንጪ ሃብቲ ቤተክርስቲያን

ሀ. ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክፍሊት፡
ለ. ዕሽር /ኣሥራት/፡
ሐ. በብዓይነቱ ኣታዊታት፡

1. መብጽዓ
2. ምጽዋት
3. ህያብ /መባእ/
4. ካብ ቤት ትምህርቲ ዚርከብ ኣታዊ፡
5. ካብ ዝተፈላለየ ንብረት መሸጣ ዚርከብ፡
6. በዚ ናይ ኣታዊ ኣርእስቲ ዘይተጠቕሰ ዝኾነ ይኹን ኣታዊ፡
7. ካብ ክራይ ንብረት ኣታዊ፡

8. ካብ ሕርሻ፣
9. ካብ ሕክምና፣
10. ካልእ በብዓይነቱ ናይ ኢታዊ ምንጭታት ብምፍጣር ዚርከብ ገንዘብን ንብረትን ይኸውን።

መ. ተወሳኺ መምርሒ ቅዱስ ሲኖዶስ የውፅእ።

## አንቀጽ 99 ኣተኣኻኽባን ኣወጻጽኣን ገንዘብ ቤተክርስቲያን

1-1 ሀ/ ኣብያተ ክርስቲያናት ካብ ዝረኸብኦ ዓመታዊ እቶት ኣብ ዓመት ካብ ሚእቲ 15% (ዓሰርተ ሓሙሽተ ካብ ሚእቲ) ይኸፍላ፡፡

1-2 ለ/ ነፍሲ ወከፍ ምእመናን ክፍሊት ኣባልነት ኣብ ዓመት ናቕፋ 24 (ዕስራን ኣርባዕተን) ይኸፍል፡፡

## አንቀጽ 100 መነባብሮ ፓትርያርክን ጳጳሳትን መነኮሳትን

መነባብሮ ፓትርያርክን፣ ጳጳሳትን፣ መነኮሳትን፣ መነንቲ ኣርድእትን ብሓድነት /ብዘይ ደሞዝ/ ኮይኑ፣ ስለ ኣፈጻጽማኡ ድማ ብሕጊ ይውሰን።

## አንቀጽ 101 መነባብሮ ኣገልገልቲ ውሉደ ክህነት

መነባብሮ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ውሉደ ክህነት ብደሞዝ ኮይኑ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዜውፅኦ መምርሒ ይውሰን።



# ምዕራፍ ትሽዓተ (9)
# አመሓደርትን ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያንን
## አንቀጽ 102 ዚሽየሙ ኣመሓደርቲ

ናይ ኣድባራት ኣማሓደርቲ ካብቶም ብመሰረት ኣንቀጽ 66 ዝተምርጹ ካህናት ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸበ ካህን ን3 (ሰለስተ) ዓመት ኣቦ መንበር ኮይኑ የመሓድር፡፡

## አንቀጽ 103 ዚሽየሙ ኣገልገልቲ

ገበዝ፣ መሪጌታ፣ ርእሰ ደብር፣ ኣነባባሪ፣ ሊቀ ዲያቆን ዚብል መዓርጋተ ሢመት ብግንባር ብዜገልግሉ ናይቲ ቤተክርስቲያን ካህናት መራጽነት ተመሪጸም በቲ ናይ ቤተክርስቲያን ኣመሓዳሪ ኣቕራቢነት ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ይሽየሙ።

## አንቀጽ 104 መምዘኒ

በብደረጃኡ ዚሽየሙ ናይ ቤተክርስቲያን ተሸየምቲ ካብ ትዕቢት፣ ካብ ተንኰል፣ ካብ ሰኽራን፣ ካብ ሻራ፣ ካብ ናይ ግላዊ ጥቕሚ ዝረሓቑ፣ ግብረ ገብነቶምን ትሕትናኦምን ዝተመስከረሎም ኪኾኑ ይግባእ።

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምምሕዳር ብናይ ካህናትን ምእመናን ናይ ሕብረት ሥራሕ ዝተመሥረተ ስለ ዝኾነ ናይቲ ሰበኻ ናይ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ኬማልእ ዚኽእል ደሞዝ ዚረኽቡ ኻህናት ብዝሠርሕዎ ሥራሕ ከይተወሰነ ናይ ካልኦት ፍልጠት ኀብረትን ኪውሰኽ ከሎ ስለ ዝኾነ፣

ሀ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ሥራሕ ዚርከቡ ካህናት ብፍቓድ ጊዜ ኣብ ዝረኽብሉ እዋን /ሰዓታት/ ከከም ሙያኦምን ከም ድልየቶምን ምምሕዳር ጉባኤ ብዘውፅኦ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብሓላፍነት ኮነ ብተረዳእነት ናይ ምግልጋል መሰል ኣለዎም።

ለ. ምእመናን ድማ ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን ኣብ ዘይምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ሥራሕ መደብ እናተዋፈሩ ዝመረጽዎ ናይ ኣገልግሎት ሥራሕ ብፍቓዶም ጊዜ ኣብ ዚረኽቡሉ ሰዓታት ብሓላፍነት ኮነ ብተረዳእነት ካብኦም ዚድለ ኣገልግሎት ብናጻ ኬበርክቱ ክርስቲያናዊ መሰሎምን ግዴታኦምን እዩ፥

ሐ. ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ሰበካ ዚርከቡ ደሞዝተኛታት ኮነ ብናጻ ኣገልግሎት ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ዘለዎም ካህናት፥ ዲያቆናት፥ መዘምራን መንእሰያት፥ ሽማግሌታት፥ ብሓፈሻኡ ካብ ወገን ካህናትን ምእመናንን ኵሎም ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ቤተክርስቲያን ዝተኣከቡ ስለ ዝኾኑ ነንሕድሕዶም ብወገንን፥ ብዘመድን፥ ብዓሌትን፥ ብማይቤትን፥ ብዕድመን ብፆታን፥ ብመዓርግን ሥልጣንን ምኽንያት ብመንፈስ ጽልኢ ከይተፈላለዩ ናይ እግዚኣብሔር ሓደ ቤተ ሰብ ስለ ዝኾኑ ብፍቕሪ ተኣሳሲሮም ናይቲ ሰበካ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻም ብሓባር ኪሰለፉ ይግባእ።

## ኣንቀጽ 105 መሰልን ግዴታን ካህናት

**1/ መሰል**

ሀ. ኣብ ውሽጢ እቲ ምምሕዳር ዜገልግሉ ካህናት ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ከም ናይ ሥራሕ ሙያኦም ብዕለት፥ ኣብ ሰሙን፥ ኣብ ወርሕን፥ ዓመትን ብዚህብዎ ኣገልግሎት መጠን ደሞዝ ናይ ምርካብ፥

ለ. ኣብ ወርሒ ንዚኽፈሎም ናይ ጥሮታ ክፍሊት ዘማልኡ ካህናትን ንዝተፈላለዩ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን እታ ቤተክርስቲያን ብእትኽፍሎ መጠን ናይ ጥሮታ ኣበል ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ሐ. ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት ዚመሓደር ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣብያተ ክርስቲያን ሰበካ



መንፈሳዊ ጉባኤ ዚርከቡ ናይ መጻሕፍቲ ትርጉም፥ ናይ ጸዋትወ ዜማ፥ ናይ ቅዳሴን ቅኔን መምህራን፥ ናይ ምሥራሕ ኃይሎም ከይደኸመ ከሎ ብምኽንያት ዕድመ ጥራሕ ጥሮታ ኸይወፁ ብቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ምሥራሕ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ።

**2. ግቡእ፥**

ሀ. ካህናትን ኣገልገልግቲ ቤተክርስቲያንን ንዝተቐጽርሉ ሥራሕ ብምሉእ ሓይልን ክእለትን ኪሠርሑ ይግባእ፡፡

ለ. ናይ ጥሮታ ክፍሊት ምኽፋልን ናይ ሥራሕ ሰዓታት ምኽባርን ከኣ ግዴታ ኣለዎም፡፡

ሐ. ነፍስ ወከፍ ካህን፥ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰበካ ተመዝጊቡ ግቡእ ክፍሊት ንዚኽፍል ምእመን ብናጻ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ግዴታ ኣለዎ።

መ. ነፍስ ወከፍ ካህን ብመምህረ ንስሓ ንዝሓዞም ደቂ ኪምህርን ከመዝግብን ግዴታ ኣለዎ፡፡ ከምኡ'ውን እቲ ዝተወሰነ ክፍሊት ብጊዜኡ ኬኽፍልን ኪተግህን ኬዘኻኽርን ሓላፍነት ኣለዎ፥ ነፍስ ወከፍ ካህን ብመሠረት ሕጊ ቤተክርስቲያን ሥርዓት ሓልዩ ከም ዚሕሎ ኪገብር፥ ካብቲ ንቤተክርስቲያን ዜንቅፍን ዜነውርን ተግባር ኵሉ ኺርሕቕ ድማ ግዴታኡ እዩ።

## ኣንቀጽ 106 መሰልን ግዴታን ምእመናን

**1/ መሰል፥**

ሀ. ኣብ ውሽጢ ክልል ሰበካ ነባሪ ዝኾነን ኣብቲ ሰበካ ጉባኤ ብኣባልነት ተፈሊጡ ዝተመዝገበን፥ ሕጊ ቤተክርስቲያን ኣማሊኡ ወረቐት መንነት ዝተዋህቦን፥ ምእመን ካብ ቤተክርስቲያን ንምእመናን ዚግባእ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡

ለ. በዚ ሕጊ እዚ ካብ ዝተገለጸ ክፍሊት ሓሊፉ ምእመናን ንካህናት ካልእ ገንዘብ ኪኸፍሉ ኣይግደዱን፣ ካህናትውን ኪሓቱ ኣይግብኦምን። ኣብ ካልእ ሰበካ ኪኸፈል ድማ ኣይግደድን እዩ።

ሐ. ሓደ ምእመን ኣብቲ ዝነበረሉ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን ዚግብኦ ኽፍሊት እንተ ደአ ኸፊሉ ብተወሳኺ ኣብ ካልእ ሰበካ ኪኸፍል ኣይግደድን እዩ።

መ. ሓደ ጋሻ ኣብ ካልእ ሰበካ እንተ ደአ ሞይቱ፣ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ተኸታሊ ምዃኑ ብመሰኻኽር እንተ ተረጋጊጹ ናይ ዕለት ጸሎተ-ፍትሓት ይግበረሉ።

2/ ግቡእ፣

ሀ. ናይቲ ክልል ሰበካ ምእመናን ገንዘብ ብምኽፋል ብምምሕዳር፣ ብትምህርቲ፣ ብልምዓት ብማሕበራዊ ናብራ፣ ኣገልግሎትን ብሓፈሽኡ ብሃብትን፣ ብኽእለትን፣ ብጉልበት፣ ንምርዳእ ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ሰበካ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብምስታፍን ቅድስት ቤተክርስቲያን ከገልግል ክርስቲያናዊ ግዴታ ኣለዎም።

ለ. ዝኾነ ይኹን ኣብ ሓደ ክልል ሰበካ ቤተክርስቲያን ዚነብር ምእመን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ሰዓቢ ዝኾነ፣ ኣብቲ ክልል ሰበካ ምምዝጋቡ በዚ ሕጊ እዚ ዝተወሰነ ክፍሊት ምኽፋል ናይ ኣባልነቱ ወረቐት መንነት ምሓዝ፣ ቤተሰቡን ደቁን ብዝርዝ ኣመዝጊቡ ነፍስ ወከፎም ናይ ኣባልነት ወረቐት መንነት ከም ዚሕዙ ይገብር፣ ንደቆም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ከም ዚከታተሉን ሥርዓት ቤተክርስቲያን ከም ዚሕልዉን ናይ ምግባር ግዴታ ኣለዎም።

ሐ. ዝኾነ ይኹን ምእመን ሕጊ ቤተክርስቲያን ዚስዕርን ሥርዓት ቤተክርስቲያን ነቒፉ ዜንቅፍ፣ ክብሪ ቤተክርስቲያን



ኣዋሪዱ ዘዋርድ ኪኸውን ኣይግባእን፡፡ ብመሠረት ሥርዓት ቤተክርስቲያን፣ ብትምህርቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ እናተመርሐ፣ በቲ ዝተወሰነሉ ናይ ምእመን ደረጃ ጸኒዑ ኪነብር ግቡእ እዩ።

መ. ንሰበካ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ዝተመርጸ ምእመን በቲ ዝተዋህቦ ሓደራ ነቲ ዝተመርጸሉ ሥራሕ ኪፍጽም ግቡእ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣብ ውሽጣዊ ምምሕዳር ምሥጢራተ ቤተክርስቲያን ጣልቃ ኺኣቱ ኣይግባእን፡፡ ንሰበካ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤን ንኻልእ ሥራሕን ዝተመርጹ ኵሎም ሓለፍትን ብሓደራ ዝተቐበልዎን ሥራሕ ብትግሃት እቲ ጉባኤ ከም ዚሰፍሕን ከም ዚሕይልን ምግባር፣ እቲ ሕጊ ኪሕሎ፣ ምእመናን ኪበዝሑ መንእሰያት ብሥርዓት ቤተክርስቲያን ከም ዚዓብዩ ምግባር ዝተፈላለየ ኣታዊ ምንጪ ከም ዚፍጠርን እቲ ዚግባእ ኣታዊ ኩሉ ብጥንቃቐ ኽም ዚሕሎ ምግባር ግቡኦም እዩ።

## ምዕራፍ 10
## ሕጊ መቕጻዕቲ

ኣብ ልዕሊ እዚ ሕጊ እዝን ኣብ ልዕሊ ሓፈሻዊ ሥርዓት ቤተክርስቲያንን ንዚሲዕር ኣባል ዚውሰዱ ሕጋዊ ስጉምትታት።

### ኣንቀጽ 107 ደረጃ መቕጻዕቲ

ዝኾነ ይኹን ኣባል ቤተክርስቲያን መደበኛ ኣገልጋልን ሠራሕተኛን ንሕጊ መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሓፈሻዊ ሥርዓት ቤተክርስቲያን ዚሥዕር ከከም ኩነታቱ፡-

ሀ. መጀመርታ ብናይ ቀረባ ሓላፊኡ ነቲ ዝበደሎ በደል ብምጥቃስ ናይ ቃል ምኽርን ተግሣጽን ይወሃቦ፡፡

ለ. ኣብ ካልኣይ ጊዜ በቲ ናይ ቀረባ ሓላፊኡ ወይ ብላዕለዋይ ኣካል ንዝበደሎ በደል ብምጥቃስ ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ፡፡

ሐ. 1. በዓል ደሞዝ ኣገልጋሊ ወይ ሠራሕተኛ እንተ ኾይኑ ብናይ ክፍሉ ሓላፊ ክሳብ ናይ 10 መዓልቲ ደሞዝ መቕጻዕቲ ካብዚ ንላዕሊ ዘቕጽዕ እንተ ኾይኑ ግና ብኣማሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ወይ ድማ ኣብ ዚሠርሓሉ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዚወሃብ ብያኔ ይኸውን።

2. እቲ በደል ዝፈጸመ ኣገልጋሊ መደበኛ ወርሓዊ ደሞዝ ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ግና ብቀኖና (ጾም) ብሳምንታዊ ኣገልግሎት ይቕጻዕ።

መ. ኣብ ራብዓይ ጊዜ ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ሥራሕ ብምእጋድ ካብ ሥራሕ ምፍናው ካብ ኣባልነት ብምስራዝ ኪብየን ይከኣል። እንተኾነ እቲ ናይ መወዳእታ ብይን ካብ ሥራሕ ምስንባት ወይ ድማ ኣባልነት ምስራዝ ኪጸንዕ ዚኽእል ናብ ሃገረ ስብከት ቀሪቡ ደረጃኡ ሓልዩ ምስ ተበየነ እዩ።

3. ዝኾነ ይኹን ኣገልጋሊ ቤተክርስቲያን ሠራሕተኛታት ንዝተመደበሉ ሥራሕ ኪፍጽም ግቡእ እዩ። ነዚ ዝጠሐሰ ድማ ኣብ ኣንቀጽ 1 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ሐ ብዝተዘርዘረ መሠረት ብኣመሓዳሪ ቤተክርስቲያን ብዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ኮሚቴ ወይ ድማ ብናይ ክፍሉ ሓላፊ መቕጻዕቲ ይምደበሉ፡፡ እቲ መቕጻዕቲ ብቀኖና (ብጾም) ወይ እቲ በደል ከቢድን ተደጋጊሙ ዝተፈጸመ እንተ ኾይኑ ወይ ከኣ ሥልጣነ ክህነት ክሳዕ ምስዓር ዚበጽሕ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ በጉባኤ ካህናት ምስ ተጻረየ እቲ ካህን ካብ ኣገልግሎት ቶኸልኪሉ ይጸንሕ እሞ እቲ ጉባኤ ብይን ኪወሃቦ ናብ



ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ፍሉይ ቃለ ጉባኤ የመሓላልፍ።

4. ናይ ካህን በደል ንሃይማኖት ዚነክእ ማለት ንኣምልኮተ እግዚኣብሔርን ምሥጢራተ ቤተክርስቲያንን ነቒፉ ዜንቅፍ ክሒዱ ዜኽሕድ እንተ ኾይኑ እቲ ጉባኤ ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ደረጃኡ ሓልዩ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ይቐርብ እቲ ዚወሃብ መቕጻዕቲ ድማ ክሳዕ ምውጋዝ ዚበጽሕ ይኸውን።

5. ዝኾነ ይኹን ኣባል ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን ወይ ድማ በቲ ሰበኻ ምምሕዳር መንፈሳዊ ጉባኤ ንኣገልግሎት ዝተመደበ ምእመን ግዴታኡ ከኽብር ግቡእ እዩ። ነዚ ጥሒሱ እንተ ተረኺበ ግና ናይቲ በደሉ ኩነታት ተራእዩ ክብደቱ ተመዚኑ እቲ ኣብ ኣንቀጽ 1 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ሐ ተመልኪቱ ዘሎ ንካህን ዝተወሰነ ንምእመንውን ከምኡ በቲ ዚምልከቶ ይብየን።

6. ዝኾነ ይኹን ካህን ወይ ምእመን በደል ከም ዝፈጸመ እኳ እንተ ተረጋገጸ ናይ ክልል ቤተክርስቲያን ኣባል ስለ ዝኾነ በቲ ዝፈጸሞ በደል ተጣዒሱ ምእንቲ ኪነጽህን ኪእረመሉን ከምኡውን ካብ ጌጋኡ (ካብ ሓጢኣቱ) ኪምለስ ብሕጊ ቤተክርስቲያን ናብ ንስሓን ሱባኤን ከም ዚኣቱ ምግባር ናይቲ ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን ኣባላት ተግባር ኪኸውን ይግባእ።

## ኣንቀጽ 108 ሥልጣን ክፍሊ መንፈሳዊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን

1. ብኣመሓዳሪ ቤተክርስቲያን ዚምራሕ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን እዚ ዚስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ፡፡

ሀ. ኣብ ካህናት ወይ ኣብ ምእመናን ወይ ድማ ኣብ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያንን ሠራሕተኛታት ቤተክርስቲያንን ንዚፍጠር ግርጭታት ብዚምልከት፥
ለ. ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ቃል ኪዳን ክርክር ብዝምልከት፥
ሐ. ንኣገልጋሊ ቤተክርስቲያንን ሠራሕተኛ ቤተክርስቲያንን ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ሥራሕ ምእጋድ ካብ ኣባልነት ጠጠው ምባል ወ.ዘ.ተ ይኸውን፡፡

2. ንኡስ ሃገረ ስብከት ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ብዘይካ ካብ ሥራሕ ምውጋድ ካብ ኣባልነት ምስራዝ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝሃቦ ውሳኔ ብይግባይ ደረጃ ርእዩ ምውሳን ሥልጣን ኣለዎ።

## ኣንቀጽ 109 ናይ ሃገረ ስብከት ሕጋዊ ሥልጣንን ተግባርን።

ሀ. ብናይ ሰበኻ ጉባኤ ፍሉይ ጉባኤ ካህናት ተጻርዩ ናይ ሓሳብ ውሳኔ ዝተዋሀቦ ንምሥጢራተ ቤተክርስቲያንን ሥልጣነ ክህነትን ንሃይማኖትን ዚምልከት ጉዳይ

ለ. ብኣማሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝተወሰነ ካብ ሥራሕ ምውጋድ ካብ ኣባልነት ምስራዝን ዚምልከት እዩ።

ሐ. .......ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣማሓዳሪ ዝፈጸሞ በደል ርኢኻ ምውሳን ይኸውን፡፡

## ኣንቀጽ 110 ላዕለዋይ ይግባይ ሰማዒ

ብፓትርያርክ ዚምራሕ ምልኣተ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ብመሠረት ኣንቀጽ 30 ፊደል /ሀ/ ላዕለዋይ ይግባይ ሰማዕን ናይ መወዳእታን እዩ።



## ኣንቀጽ 111 ደረጃ ይግባይ

1. ብኣመሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ኮሚቴ ንዝሃቦ ውሳኔ ዝኾነ ይግባይ በሃሊ፥ ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብቲ ዝወሰነ ናይ ይግባይ ምልክታ ምስ ኣቕረበ ናይ ውሳኔ ቅዳሕ ኣብ ኢዱ ካብ ዝበጽሓሉ ኣብ መንጎ 15 መዓልቲ ናብቲ ይግባይ ክሰምዕ ስልጣን ዘለዎ ናይ ይግባይ ምልክትኡ ምኽንያት ብሰፊሑ ዘርዚሩ ብጽሑፍ ከቕርብ ኣለዎ፡፡ እቲ ይግባይ ሰማዒ ነቲ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ኮሚቴ ዝሃቦ ውሳኔ እንተ ኣጽዲቑዎ እቲ ጉዳይ ይዕጾ። ይግባይ ሰማዒ ንኡስ ሃገረ ስብከት ነቲ ናይ ሰበኻ እቲ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝሃቦ ውሳኔ እንተ ቀይርዎ ግና እቲ ኣብ ሰበኻ ጉባኤ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ረቲዑ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብ ሃገረ ስብከት ይግባይ ናይ ምባል መሰል ይህልዎ። ሃገረ ስብከት ዝሃቦ ውሳኔ ድማ መወዳእታ ይኸውን።

## ኣንቀጽ 112 ብጳጳስ ዚምራሕ ናይ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ

ብጳጳስ ዚምራሕ ናይ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ኣንቀጽ 109 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ለ ብዝተዋህቦ ሥልጣን መሠረት ንምስጢራተ ቤተክርስቲያንን ሥልጣነ ክህነትን ንሃይማኖትን ዚምልከት ክምኡውን ብኣመሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ብናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝተወሰነ ካብ ሥራሕ ምእጋድን ካብ ኣባልነት ምስራዝን ዝተረትዐ ዝምልከት ንዝሃቦ ውሳኔ ወገን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ብፓትርያርክ ናብ ዚምራሕ ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ይግባይ ምባል መሰል ይህልዎ። እዚ ብሃገረ ስብከት ዝተዋህበ ውሳኔ ብቅዱስ ሲኖዶስ ይውሰን፡፡ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝሃቦ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ ይኸውን፡፡

## አንቀጽ 113 ናይ ኣፈጻጽማ ሥነ-ሥርዓት

ነዚ ሕጊ እዚ ማለት ኣንቀጽ 1-126 ደረጃ ብደረጃ ንዝተደንገገ ከይፍጸም ብግልጽን ብሥውርን ዝተቓወመ፣ ዘተዓናቕፈ፣ ዘይፈጸመ ወይ ዘየፈጸመ ካህን፣ እንተኾነ ካብ ሥልጣነ ክህነቱ ይስዓር፣ ምእመን እንተኾነ ድማ ካብ ኣባልነቱ ይስረዝ፣ ሠራሕተኛ እንተ ድኣ ኮይኑ ኸኣ ካብ ሥራሕ ይውገድ።

## ምዕራፍ ዓሰርተው 11
## ዝተፈላለዩ ኣርእስቲ

## አንቀጽ 114 ሓድሽ ዚሕነጽ ቤተክርስቲያን

1. ሓድሽ ምሕናጽ ቤተክርስቲያን ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ይፍቀድ፡፡

2. ቤተክርስቲያን እብነ መሠረት ኪንበረሉ ከሎ፣ ኮነ ምስ ተሓንጸ ብኤጲስቆጾስ ወይ ከኣ ንሱ ብዚወከሎ ቆሞስ ጥራይ ይባረኽ።

3. ኣብ ዝኾነ ቤተክርስቲያን ዚኣቱ ጽላት ስም እግዚኣብሔር ዝተጻሕፎ ኮይኑ፣ ቀጺሉ ስም እቲ ዝተሰየመሉ መልኣኽ፣ ሰማዕት ወይ ጻድቕ ይጽሓፎ፡፡ ስም ሰብ ከይጸሓፎ ግና ክልኩል እዩ። እንተኾነ ግና ዘሕዝበ ክርስቲያን ዓዲ እገለ ተባሂሉ ብዝባኑ ኣብ እግሪ ጽላት ይጸሓፈሉ።

## አንቀጽ 115 ልብሰ ዉሉደ ክህነት

መራሕትን ኣገልገልቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚውሰን ፍሉይ ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ልብሰ ተኽህኖን ናይ ዘወትር ክዳንን ይህልዎም።



## አንቀጽ 116 ምምሕዳር ሠራሕተኛታት ቤተ ክህነት

ብዛዕባ ሓፈሻዊ ምምሕዳር ሠራሕተኛታት ቤተ ክህነት መሰልን ግዴታን ብዚምልከት ኣብ ዚመጽእ ናይ ፓትርያርክ ምምሕዳር ሥራሕ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውጽኦ መምርሒ ይውሰን።

## አንቀጽ 117 መሰልን ግዴታን ጥሮታ

ዝኾነ ይኹን ብደሞዝ ተቖጺሩ ዚሠርሕ ኣገልጋሊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሕጊ ጥሮታ ብዚእዝዞ መሠረት ዚግባእ ናይ ጥሮታ ውጽኢት እንተማሊኡ ናይ ጥሮታ መሰል ይህልዎ።

## አንቀጽ 118 ቅርሳ ቅርሲ ቤተክርስቲያን

ኩሉ ቅርሳ ቅርሲ ቤተክርስቲያን ሃብቲ ቤተክርስቲያን ይኸውን፡፡ ቤተክርስቲያን ብእተውጽኦ ሕጊ ድማ ይዕቀብ።

## አንቀጽ 119 ኣቆጻጽራ ዘመን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብሓሳብ ዲሜጥሮስ ዝተቐመረ ኣቆጻጽራ ዘመን (ካላንደር) ትኽተል፡፡

## አንቀጽ 120 ፊደላት ኣኃዛትን

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሥነ-ጽሑፍ ዓቂባ ዝጸንሐትን እትነብርን ብምኳና ዝጸንሑ ፊደላትን ኣኃዛትን ከየጉደለት ዓቂባ ትነብር፡፡

## አንቀጽ 121 ዝምድና ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ምስ ምብራቓውያን ኦሬንታልን ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያንን ይኸውን

ሀ. ምስ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣብያተ ክርስቲያን ማለት ምስ ግብጺ፣ ሶርያ፣ ኣርመን፣ ኢትዮጵያ፣ ሕንዲ (ማላቨር) ብነገረ መለኮትን ምሥጢራተ ቤተክርስቲያንን ርክብ ስለ ዘሎና ኣብ መንበሮም ንቕድስ ኣብ መንበርና ይቕድሱ፣ ናይ ቊርባን ሓድነትውን ኣሎና። ብናይ ክህነት ቀኖናውን ሓደ ኢና።

ለ. ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ነገረ መለኮትን ምሥጢራተ ቤተክርስቲያንን ብዘይምልከት ምስ ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያን ናይ ክርስትና ሕውነት ኣለዋ።

## አንቀጽ 122 ሰብኣዊ መሰላት ብዚምልከት ዝምድና

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሰብኣዊ መሰላት ብዚምልከት ምስተን ብመንግሥቲ ኤርትራ ተፈላጥነት ዘለወን፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘለዋ ካልኦት እምነታት ማለት ምስ ኦርቶዶክስ፣ ካቶሊክ፣ ፕሮተስታንትን ከምኡውን ናይ ግብረ-ሠናይ ትካላትን ምትሕብባር ትገብር።

## አንቀጽ 123 ኣርማ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኣርማ መስቀል፣ ጥንታዊ ቤተክርስቲያን፣ መጽሓፍ ቅዱስን ዝሓዘ ኮይኑ ነዘን ሠለስተ ትሕዝቶታት እተጠቓልል ጥቕሲ ከኣ ቃል ሥጋ ኮነ እትብል ትኸውን። እዚ ከኣ ብሲኖዶስ ይውሰን።



## አንቀጽ 124 ካብ ኦርቶዶክሳውያን ዝሕተት ክፍሊት

ኣብ ኩሉ ዓለም ክርስቲያን ክልተ ካብ ሚእቲ (2%) ክም ዚኽፍሉ ናይ ዓለም ክርስቲያን ዜረጋግጽ ሓቂ እዩ። ምእንቲ እዚ

ሀ. ኩሉ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኣማኒ ካብ 10 (ዓሥርተ) ሓደ ማለት ዕሽር ኪኸፍል ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ።

ለ. ዕሽር ንዝኸፈለ ብዘይካ ኣብ አንቀጽ 26 ተራ ቊጽሪ ኣርባዕተ ዝተጠቕሰ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ተወሳኺ ኪኸፍል ኣይግደድን እዩ።

## አንቀጽ 125

ቅድሚ ሕጂ ኪሥርሓሉ ዝጸንሐ ሕጊ ቃለ ዓዋዲ በዚ ሕጊ እዚ ተተኪኡ ኣሎ።

## አንቀጽ 126 ምምሕያሽ ናይዚ ሕጊ (ቅዋም) እዚ

እዚ ሕጊ እዚ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኸበ ብናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ፍቓድን ትእዛዝን ኪመሓየሽ ይኽእል።

ተፈጸመ በሰላመ እግዚአብሔር